ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.122 | ቀዳም 20 ጥሪ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ምስ ተጋዳላይ ጸሃየ ዮውሃንስ (ወዲ-ሃንስ)



ገጽ 3
"ኣብ ዘይንቡር ኩነታት፡ ልዕሊ ንቡር ዝሰርሕ ኢሕ'ኣሎና!"

ገጽ 5
ጽውጽዋይን ሕቂንቁጠባዊ ግሎባውነት



ገጽ 7
"ሰከሪን" ዘዘውትሩ ቁልዑ፡ ኣቓልቦኦም ይጉድል

ገጽ 11
ቢኒያም፡ ካልኣይ ኣትዩ



ደቡብ - ኣብ ከባቢ ዲጋታት ዝርከብ ማይ-ኩየታት ክፍወስ ተሓቲቱ

ኣብ ዞባ ደቡብ ዝርከብ ዲጋታት ሪህያታትኑ መብዝሕትኦን ልዕሊ 90 ሚእታዊት ካብ ዓቕሞን ማይ ኣዋህሊለን ከምዝሰዋ፡ ይኹን'ምባር ውሑዳት ዘይኮኑ ካብኦተን ደብዒ መሊኦን ስለዝሰዋ - እቲ ዝቕልበን ማይ-ኩየታት ብመማዊ ተሳትፎ ክፍወሱ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ደቡብ ጸዊዑ።

ብ18 ጥሪ ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 2023 ግምጋም፡ ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ የማ ኣብዩ፡ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ዝዘረመ ጸዮቕ ማዕጺድ ዝኸሰቡ ኣብ ዘራእቲ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝበረ፡ ገለ ሓረስቶት ግን - ግራውሎም ዳግማይ ጥረታት ክዘርእዎ ከምዝኸኣሉ ገለጹ።

ምቅይያር ኣዝርእትን ጥመር ሕርሻን ኣብ ንኣሳን ዞባታት ዓዲ-ኃለን እምጒ ሓይልን ጸበጥቕ እቶት ኣብ ርእሲ ምክር፡ ጸህያይ "ሓዊ ዓይና" ንምክልኻል ኣኽኢሉ ስለዝሰዋ፡ ካልኦት ንኣሳን ዞባታት'ውን ክስዕቡ ኣተሓሳሰቡ።

ነሞኒኦት ብምውጋድ ነምፓንስት ንምጥቃም ብዘለዎል ክድፋኦ፣ ነምኡ'ውን ብሓመድ ኣልቦ ኣፕብ ዝበቅል ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ብዕቡብ ክሰራሕሉ ኣዘራሪኑ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተኽእጸየጉ ገልሒንጣ ኣብ'ተን መሻላ ዘፍርያ ንኣሳን ዞባታት ጸሮና፡ ማይ-ምኑ ዓረብን ማይ-ዓይኒን ብብዝሒ ደርኢ ምህላዉ ብምዝኽኻር - ንምፍዋሱ ብዕቡብ ክሰራሕ ተኣቢዩ።

ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ፡ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ረኺቡ

ሃገራዊ ማሕበር ሓጋዚታት ስኽላን ከፍት ኤርትራ (ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኩ.ኤ) ካብ ኣባላት 'ማሕበር ኣሪ ሓብን' ዝርቲ ሶሜን ኣሜሪካን ካፍዳ፡ 26,950 ዶላር ሓገዝ ረኺቡ።

ብ17 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምርክኻብ ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ሓጋዚታት ስኽላን ከፍት ኤርትራ ሓሊፈ ክፍሊ ውዳበን ሓበሬታን ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ ኣባላት 'ማሕበር ኣሪ ሓብን' ኣቐዲሞም እውን ንሓጋዚታት ስኽላን ዘገልግል ናውቲ ሕክምናን መድሃኒትን ከምዝርከቡ ብምሕባር - ምኪንናኡ ኣመሓላሊፉ።

ኑቲ ሓገዝ ዘሪብ ኣባላት ናይ'ዚ ኣብ 2023 ዝተመስረተ 'ማሕበር ኣሪ ሓብን' ዝርቲ ሶሜን ኣሜሪካን ካፍዳን ብወከልቶም፡ ኣብ ወኻከ. ሃገር ኣብ ዝርከብ ዓበይቲ ትካላት ጥዕና ዑደት ብምግባርን ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባርን ሕጽረታተን ንምምላእ ክሰርሑ ምኽናዮም ገሊጾም፡

ኣቦ'ቲ ዕለት፡ ብዘይካ'ቲ ገዛዊ ሓገዝ ናይ መድሃኒትን ናውቲ ጥዕናን ደቂ እውን ተገይሩ፡

ባጽዕ - ኣብ ኣገዳስነት ወለንታዊ ልግሲ ደም ተዘትዩ

ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንቕላት ሕብረተሰብ ኣብ ወለንታዊ ልግሲ ደም ብምዕባይ ቀረብ እኹልን ውሑስን ደም ንምርግጋጽ - ኣብ 2023 ዝተዩዱ ገለጻታት፡ እወታዊ ወጽኢት ከምዝረኸቦሉ ገሊጹ።

ኣቦመንበሮ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር ብ17 ጥሪ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣብ ዘቕረቡ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ ዓመት - ካብ ሰራሕተኛታት መዋእስትን ተመሊሶን 1036 ኪሎጋ ደም ከምዝረኸቦሉ ገሊጹ።

ኣቦመንበሮ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር ብ17 ጥሪ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣብ ዘቕረቡ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ ዓመት - ካብ ሰራሕተኛታት መዋእስትን ተመሊሶን 1036 ኪሎጋ ደም ከምዝረኸቦሉ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ረዚ ፍኒዩ እቲ ማሕበር ኣብ ርሑቕ ከተማታት ንኣሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ፎሮ፡ ገልዓሎን ቅሮራን ከይተረፈ ንጥሪታቱ ዋይድ ምህላዉ ብምግላጽ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ'ቲ ጉዳይ ንምዕዋቕ ከይተሓለለ ክሰርሕ ኣዘራሪኑ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገኑ፡ ክሳብ ሕጂ ንዘተነሳሰለ ስራሕት ድሕሪ ምንኣድ፡ ማሕበር - ኣብ ወጽኢት ንምንግዙ ተመርኒሑ መደባቱ ክሰርዕ ኣዘራሪሑ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳኢታ፡ መጥሳዕሲ ጽሑፋት ክሳብ ንኣሳን ዞባታት ክዘርጋሕ ኣተሓሳሲቦም።

ቃለ-መሕትት

ምስ ተጋዳላይ ጸሃየ ዮውሃንስ (ወዲ-ሃንስ)

ህወሀ ናይዝ ሰዒሊ - ሞላ እወን ከምዝተሰኦልካ ከመይ ፈሊጥካ?

=እዝ ሰዒሊ ኣብ ሻደሻይ ወራር 1982 - ንሸኻ ባህልካ (ፍጹም ንብራይ) ዝሰኦልኩሉ እዩ። ኣብ 1984 ኣብ ሰሓኒታ ወራር ተወገአ ኣብ ሕክምና እንሽለኽ፣ ሓደ ሰብ ዝ ሰዒሊ. ኣብ ኣርከይቸስ ጨንፈር ሰዒሊ. ከም ዝረኣያ ይዮረረ።

ምርከብሰይ ኣልዓለ ናብ ጨንፈር ሰዒሊ. ካብ'ታ ዝሰርናያ ቦታ ናይ ሰሰኑ ሰዓት ኣብሉ እዩ ዝኸውን ክፈልጦ የብሉን ዝብል ወተሃደራዊ ማል ነይሩ። ጉድኒ ጉድኒ እቲ ከሉ ኣቐዳምና እንዝበሮ ዝሰርና ምትዕንቃፋት፣ ሰለያ ሰራዊት ጸላኢ. ናብ'ቲ ቀንዲ ማሓለኽሲ. ቦታታትና እናኰተሎና ኣብቲ ዓቢ. ድብያ ከምዝኣቱ እወን ይግበር ነይሩ።

ዕሰት 15 ኣብሉ - ካብቲ ቅድሚት ዝሰርናያ ኩሉ ፍሉይ ኣይነኦለን። ድሕሪኡ ኣብ ምስእ ግንባር ወራር ሰለ ዝተጀመረ ኸኣ ብ ቀንዲ ቀዋሚ ቦታና ከድናስ ሓለግንዋይ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ደፋዕ ተሰራሑ ስለዘጸንሓ፣ ማሓለኽሲ. ዕርዲ ሒዝና ጸላኢ. ናብ ድብያ ከኣትዎ ገጽብ ነበርና። ጸላኢ. ዕሰት 18 ከብ. ናብ'ቲ ቀንዲ ማሓለኽሲ. ደፋዕና በጺሕና። መደብና ጸላኢ. ኣኻቢብና ነንደምነሶ እኳ እንተሰብረ፣ ሓደ ካብ ብጹናና ሃንደበት ስለዘዘከሱ እቲ ዝመጸእ ዝሰረ ሰራዊት ጸላኢ. ኣብ ከበባ ከይኣተወ እንሽሎ ተኸኒ. ተጀሚሩ።

ድሕሪኡ እቲ ወግኢ ተጀሚሩ፣ ደብዩስ መዳፍሽን ሂለኮፕተራትን ብርቱዕ እዩ ነይሩ - ግን ምስእ ሰይቲ ክንታኸሰ ሓይሊና። ዕሰት 19 ሰዓት 7:00 ጫሙ ኣንሢሡ ደገሙ ጸላኢ. መጺኡና። ተኸኒ. ቦማ ኣድ ብኢድ ኮይኑ፣ ጸላኢ. ከዊትሕለ ክሠደም ጀሚሩ። እግራእግሪ ጸላኢ. ንምነዋስ ምነኡ ንፈርሻሕ ኣልና ምነኡ ኣና ወሪደና። ድሕሪ እዚ፣ ከበድ ብረት ናይ ጸላኢ. ክዘመና ኣይክእለን - ተሓዋዊስና ስለዘሰበርና። እቲ ከበድ ብረት ጸላኢ. እወን ብወገን ኩር ስለዘሰበረ፣ እግሪ እግሩ እናኣርከበና ከበድ ክሳራ ኣዋኒሑስ፣ ናብ ወገን ከርከበት ደማ ሃዲሙ።

እዝ ሰዒሊ. ትርኢያ ዘሎኻ እምባኦር፣ ዕሰት 23 ከበ. እያ ተሳኢሉ። እቲ መብረቅ እዝ ዝዘሃል ሰራዊት ጸላኢ. ብኸሉ ኩርንዖት እዩ ተኻኺሙ፣ ዳርጋ ተደምሲሱ እዩ። ንጸላኢ. ዝያዳ ዝሰዓዩ፣ ብዘይካ እቲ ኣብ ድፋዓትና ምስ ቀረበ ብጦንቢታትን ጠየይትን ምህላቹ እቲ መብዝሕትኡ ኣፍልጦ ናይ'ቲ ቦታ ስለዘይነበሮ ብጹምኢ. ማይ እዩ ተረፍሪፉ።

እዝ ትርኢያ ዘሎኻ ሰዒሊ፣ ኣብ ኣፍኑር እንሽለና ንጸላኢ. ኣብ ጎልጉል እንሽሎ ንኸበቅትሎ ውሑዳት ሰባት ኢና ሸዉ ንቅድሚት ተወርዊርና። ኣብ ሓንቲ ኩጅት ነይርና ብድሕሪት ብኻልእ ክፉል ናይቲ ግንባር ዝተፈርሸሐ ጸላኢ. ብድሕሪት ይመጽኦና እሞ፣ "ወዲ-ሃንስ ወዲ-ሃንስ ብድሕረካ ይመጽካ ኣለዋ!" ይብለኒ ብረዳያ። ንድሕሪና ተጠዊና እናወቓዕናዮን እንሽሰና፣ እዞም ኣብ ሰዒሊ. ትርኢያም ዘሎኻ ወተሃደራት ጸላኢ፣ ብስልጉል ክልቲኦም ናብታ ዝሰርናያ ኩጅት ይመጽኡ። ምኳይ ዝሰዉሩ ብጹት ክዘርምዎም ተኻሽን ምስ ሓዙ፣ 'ግደፉ ግደፉ እዝኣን ብኢደና ኢና ንስዘን' ኢለ ናብኦዮም ይወርድ። "ብረትካ ኣውረድ!" ኢለዮም ክልቲኦም ኣውረዶም። እቲ ሓደ እኳ ተሃሪሙ እዩ ነይሩ - ደሓር ሓኪም ናይ ኣህዓና መጺኡ ኣብኣ ኣብ'ታ ቦታ ሓኪምዎ።

እቲ ወግኢ ዝተጋብረሉ ቦታ ኣብዩ ኣዳምኢ ምንዩ፣ ጸላኢ. ሓደ ካብ'ቲ ዝሰዓዩ ድማ ጸምኢ. ማይ ምንዩ ጠቐሊዩ፣ እዚ ኻልኦትኡ ወገን ሓደ ኣይተዓገ? ጸጋም ማይ ንጸላኢ. ዝሓሸ ክኸውን እወን ምተገበኣ፣ ምኽንያቱ ደድሕሪ ሰራዊት እናሰዓብ ማይ ዝወድላ ጦቅ ነይሩናም እዩ. . .?

ቦታ ምፍላጥ ኣጉዳኢ እዩ - እቲ ቦታ ማይ ኣይነበሮን። ኣብ ገለ ክፉል ናይ'ቲ ሩብ ግን ማይ ነይሩ እዩ። ንሕና 'ሓለግ ንዋይ' ከም መቅተሊ. ቦታ ወይ ናይ ድብያ ቦታ ክንመርጽ እንሽሰና፣ ማይ ስለዘበሮ ኢና መረጽናዮ። ምንብናናን ናይ ሎጂስቲክስ ቦታናን ኣብ ድሕሪና ኣብ'ቲ ማይ ዘለዎ ኢና ገይርናዮ።

ይኹን እምባር፣ ኣብ'ቲ ኣዳምኢ እቲ ኩናት ኣካይድና ክኣብ ኩር እንበጽሕ ማይ ዝኸዳ ወይ ማይ ክሰቲ ዝሓተተ ተጋዳላይ ኣይነበረን። እቲ ዘበርም ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሳሰለ ኣዳምኢ ነየም ንምርኮም ዝሰርና ብጹምእን መውጋትን ዝተሃሰዩ ወተሃደራት ጸላኢ፣ ካብ ብሪጥታትና ማይ እናኣስተና ኢና ንገብዝ ዝሰርና።

ማይ ይንበር ኣይንበር ግኑ እቲ ቀንዲ ወሳኒ ጸገራት ኣብ ዕሳማ እዩ።



ኣብ'ቲ እዋን እቲ መራሕ ሓይሊ. እንሽሎ ኣብ ቦታ ተራ ተዋጋእዮን ቦታ መራሕ ማሓርያን ኩይኽ ኢኻ ትዋጋእን ተዋጊእን ዝሰርኽ። ከም'ዚ. ኣብ ሰዒሊ. እንዘቦ ዘሎና እወን ባህልኻ ወተሃደራት ጸላኢ. ትሣርኽ ኣሎኻ። እከ ብዘሎዝ. . .?

ኣብ ህዘቦ ግንባር፣ ብዙሕ ጸቡቕ ዝተወርሰ ባህሊ. ነይሩ። ኣብ እዋን ተኸኒ. እታ ቀዳመይቲ ቦንባ ዝኸኣሰ - እቲ ነታ ትገድም ዘለ ኣህዱ (መሳርያ ጋንታ ሓይሊ.) ዝመርሕ ዘሎ ወይ ትመርሕ ዘላ ሰብ እዩ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ማእከልነት ሓይሊ. እኳ እንተሰብርኩ፣ ኣብ ልዕሊ. እቲ ዝደም ዝሰረ ጸላኢ. ዝያዳ ክሳራ ንምውራድ፣ ኣነ ምስ ኦፕሬተረይ - ሓኪምን ውሑዳት ብረት ዝዛዙ ብጹትን ሐዘ እየ ንቕድሚት ተወርዊሪ። ኣብ ህዘቦ ግንባር፣ መራሒ. ብስራሕ ኣብኦት ብምኳን እዩ ዝመርሕ ነይሩ።

ዋላ ሓለዎት መራሒ'ቲ ብርጌዳት፣ መጥቃዕቲ ንዝገብረሉ ቦታታት ብኣኽል መጸእም ርእየምን ግበእ ሓብሬታ ኣስኒቕምን እየም ናብ ኩናት ዘሓንጢፑ፣ ኣድላዩ ምስ ዝኸውን ድማ መረሓምካ ይኣትወ። ከምኡ ስለዘበረ እዩ ድማ ብከመሓደ ክሳራ ዝዓበየ ዓወት ክምዝገብ ዝኽእል ዝበረ።

ኣብ ሓንቲ ካብ'ተን ሰዒልታት፣ ቡቲ ሓደ ረድዮ ሒዝኩ ቡቲ ሓደ ድማ ሽጥጥ ናብ ወተሃድር ጸላኢ. ኣቐሊዕካ ትርኢ። ኣብ'ታ ካልኣይቲ እወን ረድዮ ኣብ ትሽዚዝካ ቀርቂርካ ነቲ ወተሃደር ክትፍትሽ ኣይኮነ ክትዝርግሕ ትርኢ. . .?

እወ - ዝኾም ወተሃደራት ክሣርኽ ካብ'ታ ንእሽዮ ዝሰርናያ ኩጅት ገዲያ ክወርድ እንሽሎኹ - 'ጸናሕ ኣይትወረድ' ዝብል ድምጺ ደሰምዕ ነይረ እዩ። ይኹን እምባር፣ ግደፈን ጥራይ ባህሊ ኣሊኽወን እናበልኩ እየ ወሪደ።

ምኳይ ዝሰዉሩ ብረት ዝዛዙ ብጹተይ እወን እንተኾኑ ነየም ብድሕሪና ካብ ካልእ ክፉል ናይ'ቲ ግንባር ተፈርሺሖም ዝመጽኡ ዝሰዉሩ ወተሃደራት ኣብ ምህራም እየም ተጽሚዖም ነይርም። ደሓር፣ ክልቲኦም ወተሃደራት ብረየም ኣውሪዶም - ሓደ ካብኦም ወገእ ስለዝሰረ፣ ሓኪም ቀልጠፉ ረዳኤት ገይሩሉ።

መቸም ኣብ ህዘቦ ግንባር፣ ኩሉ ገዜ ዋላ እወን ኣብ ጸኽሑር እዋን እንተኾነ - ንምሩኻት ግበእ ክኽሽን እዩ ዝገበረሉም። እዚ. ደማ ንርእዩሉይ ሰሞዐሉይ ዘይቅሰ መትከል ህዘቦ ግንባር ስለዝኣዝዞ እዩ። ግበእ ሕክምና ምስ ተገብረሉም፣ ማይን ሽኮርን ኣስቲና ኣዕሪፎም ናብቲ ዝተመደበሉም ቦታ ከምዝኸዱ እዩ ዝገበር።

እዞም ገምሪኹ ዘለዉ ወተሃደራት፣ ኣብዞም ሕልናኦም ዘሎብኩ ተሰሉ ዝቐሪጹ እዮም ዝመሳሱ'ሞ ኣብ ምንታይ ኩነት ኣእምሮ ነይርም ኢልካ ትሓስብ?

ምስ'ቲ ብሓለፍቶም ብዘዘና ዝገዝርም ኣሰንዲ ሓቢሬታታት - ማለት ምስ ተማረኹ ዝጸብሮዎ ዝሰሩ ውሳኔ - ክቕተሉ ምኽናም እየም ዝኣምኑ ነይርም። ብፍላይ ድማ "ንልኣንስተይቲ ተጋዳሊት ምስ እትማርኽኩም፣ ብዘይ ጥርጥር ክትቀትሉኩም እዮ" ዝብል ኣርኣዲ ገሰጽስ ኣብ ግምት ኣእቲኾ።

ኣንጻር ናይ'ቲ ኣብ ኣእምሮኦም ዝጸንሐ እቲ ዝገበርናሉም ሓልዮትን ክኽሽንን ምስ ተጋዝኡ እምባኦር፣ ከሉ ነገር ዝተደናገርም ይመሳሰሉ ነይርም። ምእሙኑ እወን ስለዝጸንሖም 'ነቲ ክስዕብ ይኽእል እዩ' ኣሉም ዝሓሰብዎ ፍጹመ - ብዝነሩ ምቕራጽ ኣብ ምጽባይ እየም ነይርም።

ነዞኡ ስለዝኾነ እመሳሰሉ፣ ኣብ ገዳም ይኹን ኣብ ኣቃወማ ኣሉዩም ተነሩ ዘርኢ. ቅንጣብ ኣሰር ዘይገበርም።

ኣገዳሲት ናይ ከም'ዚኣም ዝኣመሳሱ ሰዒልታት ኣብ ግምት ኣእቲኾ፣ ኣብ ኣጋይብ ኣተዓቓቕሁም እንታይ ክገብር ኣለዎ ትብል?

እቲ ሰዒልታትን ታሪኹን ክዘንጉዩ ምእንቲ፣ ከም'ዚ. ሕጂ ትገብሮ ዘሎኻ ኣጋይብ ወይ ሰራሕ ቀጻልነት ክህልዎ ኣለዎ።

ንሸኻ ኣብ ብዙሕ ኩነታት ስለዝኣተኻ እወን ሰባት እናኣለሎኻ ከም'ዚ. ዝኣመሳሰለ ሱዕት እንተ ትቐጽሎ ጸቡቕ ምኾነ እብል። ሰባት ብህይወት እንሽለዉ ታሪኽ ቡቲ ሓቀኛ መልክዑ ምዝዘንተዉ ወሳዲታት ክመሃሩሉ ደማ ብቐይዕ ሰደድ ኮይኑ ምነሪረ፣

ሰዒልይ ኩናት ፍጹም ንብራይ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳጸ 1284

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

“ኣብ ዘይንቡር ኩነታት፡ ልዕሊ ንቡር ዝሰርሕ ኒሕ ኣሎና!”

ኣቶ ተስፊት ገብረእግዚኣብሄር

መኸተ ኣንበጣ ምድረበዳ ኣብ ሰፊሕ ቦታታት ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዓመታዊ ይካየድ። ሎሚ ዓመት’ውን ካብ መጀመርታ ወርሒ ሕዳር 2022 ጀሚሩ ክሳዕ’ዚ እዋን ዝቐጽል ዘሎ ስራሕ ኮይኑ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ካብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ ክሳብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ዝተዘርግሐ ለበዳ ኣንበጣ፡ ኣብ ልዕሊ 29 ሽሕ ሄክታር ቀጽጽራዊ ስራሕ፡ ኣብ ልዕሊ 177 ሽሕ ድማ ኩለላ ተኻይድሉ ኣሎ። እዞም ቀጽጽር ዝግበረሎም ዘለዉ ኣንበጣ ካብ ኩብኩብታ ክሳዕ እኹል ዕድመ ከም ዘለዎም’ውን ይፍለጥ። ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ ኣብቲ ስራሕ ንዝካየዱ ንጥፈታት፡ ተመኩሮን ብድሆታትን ዘተኩረ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቕኒሊን ላዕለዋይ ኣወሃሃዲ ምክልኻል ኣንበጣ ኣብቲ ዞባን፡ ኣቶ ተስፊት ገብረእግዚኣብሄር ዝሃቦ መብርሂ ዕላል ቀሪቡ ኣሎ።

“ብዘይተጐላባ፡ ነብስኻ ከይፈተኻ፡ ብውሁድን ተማላላእን ዘኹርዕ ስራሕ ተዓሚሙ እዩ። ግዜኡ እንተሓሊኻሉ፡ ቦታኡ ቀልጢፍካ ፈሊጥካ ተወሃሂድካ እንተሰሪሕካ፡ ሕጽረታትን ጉድለታትን እንተመሊእካ፡ እኹል ዓቕሚ ሰብን ተካእቲ ሰራሕተኛታትን እንተቐጺርካ፡ ንኣንበጣ ምድረበዳ ክትምክቶ ከቢድ ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተጠርየ ተመኩሮ’ውን ቀሊል ኣይኮነን” ክብል’ዩ፡ ኣቶ ተስፊት ዘብርሀ።

ንሱ፡ ከም ሓላፊ ናይቲ ጨንፈር ን18 ዓመታት ሰሪሑ ኣሎ። ካብ ዩኒቨርስቲ ጅማ - ኢትዮጵያ፡ ብሓፈሻዊ ሕርሻ ዝተመረቐ ኣቶ ተስፊት፡ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን - ሎጎ ዓንሰባ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ - ንኡስ ዞባ ፎርቶ ሳዋን ጎልጅን፡ ከም ክኢላን ሓላፊ ቤ/ጽ ሕርሻ ንኡስ ዞባን ኩይኑ ሰሪሑ። ናብ’ዚ ሕጂ ዝሰርሓሉ ዘሎ ቅድሚ ምቕያሩ’ውን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ብሞያኡ ኣገልጊሉ።

ኣንበጣ ምድረበዳ ፡ ስሙ ከም ዝሕብሮ፡ ሰብ ብብዝሒ ኣብ ዘይንቀሳቐሰሉ ከባቢ እዩ ዝፈሪ። ኣብ ሑጻ፡ ጠልን ምዉቕ ኩነታት ኣየርን ብብሕቲ ክንቀሳቐስ ይጸንሕ’ሞ፡ ዝናብ ምስ ረኸበ ብዝለዓለ ደረጃ ይራባሕ። ዕምቈትን ብዝሕን ይፈላለ ደጃ’ምበር፡ ዝበዝሐ ክፋል ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ናይ ዞባና ንምርባሕ ኣንበጣ ምቹእ እዩ። እዚ በለጸኛ ሓሸራ’ዚ፡ ብቐንዱ ኣብ ህጡር ክራማት’ዩ ዝራባሕ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ወራር ኣንበጣ ዝጥቀሰ ጉድኣት ከየውረደ ተመኪቱ እዩ። ሓደ ኻብ’ቲ ዝተመከተሉ ቀንዲ ረቛሒ፡ ብመራሕነት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝውደብን ዝመሓደርን ስራሕ፡ ካብ ምምስራት ነቕጣታት ስለ ዝፍልም ምኂኑ ኣቶ ተስፊት ይሕብር። ኣብ’ቲ ዞባ፡ ኣብ ገልዓሎ፡ ፎሮ፡ እምበረሚ፡ ወቒሮ፡ ሽዕብ፡ ጋድም-ሓሊብ፡ ግራት፡ ማርሳ ጉልቡብ፡ እማህሚመን ቅሮራርን ምስ ውሁብ ኩነታት ነቕጣታት ይምስረታን ይሰርሓን እየን። ምቕዳም ናይተን ነቕጣታት፡ ብቕረባን ብዝሓጸረን መንገዲ ስራሕ ንክሳለጥ ይሕግዝ።

“ንተዋፋይነት ኣባላት ብቓላት ክትገልጾ ዘጸግም እዩ። ክኢላታትን መራሕቲ መካይንን፡ ካብ ወጋሕታ ሰዓት ኣርባዕተ ምሉእ መዓልቲ ውዒሎም ምሸት ናብ ነቕጣኦም እዮም ዝምለሱ። ኣብ’ቲ ልዑል ምቹት ዘሎዎ ኣጻምእ፡ ነቲ መሪር ጸሓይን ሃፈጽታን ይጸወሩዎ። ካብ ስራሕ ተመሊሶም’ውን ኣየዕርፉን፣ ንጽባሒቱ ደኣ ይዳለዉ። መድሃኒት ይመልኡ፣ ገምጋም ስራሕ የካይዱ። ምስ ተደረሩ ኸኣ ቁሩብ ኣዕሪፎም ወጋሕታ ይብገሱ” ክብል፡ ስሩዕን ሓያል ምክትታል ዝሓትትን ዕዉት ስራሕ ከም ዝዓምሙ ኣቶ ተስፊት ይሕብር። ምስ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘሎዎም ርክብ፡ ቀጻልን ዘይበታተኽን ምኂኑ ኸኣ ሓበሬታ ብቕጥታ ካብን ናብን ክበጽሕን ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ ክወሃብን ከም ዝሓገዘ ይገልጽ። ብተወሳኺ፡ ርትዓዊ ገምጋም ንቡር ኣሰራርሓ ናይቲ ወፍሪ እዩ። ኣወዳድባ’ውን ካብ ሃገራዊ ሽማግለ ምክልኻል ኣንበጣ ናብ ዞባ፡ ናብ ንኡስ ዞባ፡ ካብኡ ድማ ናብ ነቕጣ እዩ ዝወርድ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ፡ ኣባላት ስካውትን ክኢላታትን ብንጥፈት እዮም ዝሰርሑ። ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ንኾሉ ሕቶታት ኣብ ግዜኡን ቀልጢፉን ስለ ዝምልሶ ኸኣ እቲ ዕማም ብዓወት ይሰላሰል።

ሓገዝ ኣብ ዝድልየሉ፡ ኣብ ካልእ ሞያ ዝርከቡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መኸተ ምክልኻል ኣንበጣ ይሳተፉ እዮም። እቲ ስራሕ ስጡም እዩ። ጋንታታት ኩለላ ዝዓበየ ስራሕ የበግሳ፡ ቡቲ ሓበሬታ ጋንታታት ምክልኻልን ምቁጽጻርን ናብ ዝዓበየ ስራሕ ይሰግራ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ስራሕ፡ ቡቲ ቀጻሊ ዝካየድ ጉሰጓስ፡ ትምህርትን ስልጠናን ህዝቢ፡ ምምሕዳር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብዓቢኡ ሓይልታት ምክልኻል ዕዙዝ ተሳታፍነት ኣለዎም። በዚ ኸኣ መኸተ ኣንጻር ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ሃገራዊ መደብ ምኂኑ ኣቶ ተስፊት ይሕብር።

ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ ዓመታት፡ ብዓቕምና ሓያል ስራሕ ዓሚምና ኢና። የግዳ፡ ብመራኸቢ ብዙሓን ንገልጾ ኣይነበረናን። ካብ ጉረባብቲ ሃገራት ዶብ ሰጊሩ ክመጽእ ምስ ጀመረ’ዩ ዝያዳ ተቓሊሑ፣ ዓቢ ጸልዋ’ውን ፈጢሩ። ካብ 2018 ክሳዕ 2020 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ቅድሚኡ በጺሕዎ ዘይፈልጥ ከባቢ ስለ ዝተራእየ፡ ንመጀመርታ ግዜ ክሳብ ዳህላክን ኣዶብሓን በጺሕና። መንግስቲ ኣቐዲሙ ጸረ-ባልዕ ኣዳልዩ ብምንባሩ፡ ውሱን መሳርሒታትን ዓቕሚ ሰብን ገይርና፡ ዓቢ ስራሕ ዓሚምና። ምስጢር ናይ’ቲ ዓወት ድማ ውህሉል ተመኩሮን ዕቱብ ናይ ቅድመ-ስራሕ ምድላዋትን ነይሩ” ዝበለ ኣቶ ተስፊት ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣብ’ቲ ዘካይድዎ ስራሕ፡ ንድሕነት ዝከታተሉ ኣባላት ቀጽጽር ምስኣም ከም ዝዓመሙ የረድእ።

ስራሕን ኣሰራርሓን መኸተ ኣንበጣ ብቐንዱ ኣብ ሓበሬታ እዩ ዝምርኮሱ። ነፍሲ-ወከፍ መኪና ብሓባሪ ጂኦግራፊያዊ ቦታ ትቕመስ። ብተወሳኺ፡ ኤክትሮኒካዊ መሐበሪ ኣንበጣ ብቐጥታ ተመሓላሊፉ፡ ክሳብ ሮማ ይበጽሕ። ኣቶ ተስፊት’ውን ከም ላዕለዋይ ኣወሃሃዲ ምክልኻል ኣንበጣ ናይቲ ዞባ ነቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዝቐርበሉ ሓበሬታ፡ ብቐጥታ እዩ ዘሕልፎ።

ኣባላት ስካውት ናይ’ቲ ዞባ ልዑል ተገዳስነት ኣሎዎም። ንዝተዋህቦም ትምህርትን ስልጠናን ብተመኪሮ ኣዕብዮሞ እዮም። ብዕድመ ዝሽምገለ ኣቦይ ስዒድ ዓግል ንኣብነት ብዘሎዎ ውህሉል ተሞኩሮ፡ ብኣሰር እግሪ ኣንበጣ ብዝሕን ቦታን ህላወ ኣንበጣ ዝፈልጥ፡ ክሳብ ርሑቕ ከባቢታት ሓበል-ቀጢን ዶብ ቅሮራ እናተጓዕዘ ሓበሬታ ዝእክብ ኣብነታዊ ስካውት ናይ ዞባኦም እዩ። ስለዚ፡ ንሱን ካልኦት ኣባላት ስካውትን ብዘይ እኹል መሳለጥያን መጓዓዝያን ልዕሊ ኹሉ ብትሑት መተባብዒ፡ ብሓያል ትግሃት ዝሰርሑ ዘለዉ ምኂኖም ኣቶ ተስፊት ይምስክረሎም።

ዝዓበየ ብድሆ፡ ሕጽረትን ዋሕድን መሳለጥያ እዩ። ዋሕዲ ነጸግቲ መካይን ዝዓበየ ብድሆ ኮይኑ ይቐጽል ኣሎ። እቲ ዕማም ነዊሕ ዓመታት ብዝሰርሓ መካይን እዩ ዝሰላሰል። ስለዚ፡ ነዚ ሰፊሕ ጉላጉል ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብውሑዳት መካይን ክትዓሞ ኣዝዩ ቡዳሀን ኣድማዕነት ዘጉድልን እዩ። ምስኡ’ውን ነቲ ስራሕ ዝጉትት ምብልሻው መካይን የጋጥም እዩ። ስለዚ፡ ምውሳኽ ቁጽሪ መካይን ድሮ’ውን ተጀሚሩ’ኳ እንተሎ ነቲ ብህጹጽ ክውሰድ ዝግብኡ፡ ነቲ ስራሕ ንድሕሪት ዝጉትት ተርእ ምክልኻል ኣንበጣ ናይቲ ዞ ኣብ ግዜኡ ስጉምቲ ክውሰደ ምተኻእለ። ምኽንያቱ፡ ዝዓበየ ስራ ኣብ ወፍሪ ምክልኻል ኣንበጣ ኩለ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ክህልወ ዝግብኦ ብዝሒ፡ ንኹለላ ዝኹ መካይን፡ ምድረበዳን ሳጃን ዝጥሕ ልዑል ጉልበትን ሓይልን ዘሎወ ብቐዓት ክኹና ይግባእ።

ኣብ ምክልኻል ኣንበጣ ተፈጢ ዘሎ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መላ ሕብረተሰብ፡ ናብ ዝለዓለ ደረ እዩ በጺሑ። ኣባላት ሓይልታ ምክልኻል፡ ምምሕዳርን ህዝብ ናይ’ቲ ዞባ ወትሩ ኣብ ጉድኖ እዮም ዝሰለፉ። ስለዚ፡ እ ዝተርፎም፡ ንዘሎዎም ነገራዊ ጸጋታ ምሕያልን ምምዕባልን ምኂኑ ኣ ተስፊት ይሕብር። ኣብ’ቲ ሓባራ ስራሕ’ውን፡ ቅድምን ድሕር ምስ ህዝቢ፡ ምምሕዳርን ሰራዊት ንመጻኢ ከስርሖም ዝኽእል ዕቱ ገምጋም ከም ዝግበር ኣቶ ተስፊ ወሲኹ ይገልጽ።

“ሕጽረታት መሳርሕን ዓቕሚ ሰብን እንተድኣ ተማሊኡልና፡ ጸገ ከምዘይህልወና፡ ካብ ጉረባብቲ ሃገራ ዝመጽኦ ወራር ኣንበጣ ኣብ ምምካ ዝተራእየ ሰራሕ ግብራዊ ምስክ እዩ” ዝበለ ኣቶ ተስፊት፡ ዝነጽግ መድሃኒት መርዛምን ቀታል ስለዝኾነ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ዝጥቀም ናይ ድሕነት መሳርሒታት፡ ቅድም ድሕርን ወፍሪ፡ ስሩዕ ጥዕና መርመራ ምክያድ ይተርፎ ስለዘሎ፡ ነቲ ወፍሪ ብዓወት ንምስላ ሕጽረታቶም ክማልኣሎም ኣገንዚቡ

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ቁ.
ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ሜ

ሽጥ-ጥ

ሃ ማ መ ተ ኤ

ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቓምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቁጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቁ.ሳ.ጸስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቖርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ካባይ መታኻ ክሕሾም

ናይ መጀመርያይ እዩ ነይሩ። ናይ መጀመርያ ፍቕራዊ ርክብ። ሌላና ድሕሪ ካብ ሳዋ ምምጽኣይ'ዩ ዝጅምር። ኣነ ጓል 20 ዓመት እየ ነይረ። ኣማን ድማ ወዲ 30 ዓመት። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ጥቓ ገዛና ዝነበረ እንዳ ፎርኖ ይሰርሕ ስለዝነበርኩ፡ ሓደ መዓልቲ ካብ ስራሕ ናብ ገዛ እናተመለስኩ እየ ተላልየዮ። ብብዝሒ ናብ ገዛውትና ንዓርኩ ኢሉ ይመላለስ ስለዝነበረ ምርኻብና ብእኡ መንጽር ክብ ክብል ጀመረ። ኣብ ኣካይዳና ኮነ ኣተሓሳስባና ዘመሳስለና ኣይነበረናን። ኣነ ሓፋርን ህድእትን ብዙሕ ግዜ ካብ ገዛ ዘይወጽእ። ንሱ ግን ሽኦል። ዘረባ ከኣ ናቱ እያ። ኣብ ሓጺር እዋን ብዘረብኡ ከም ዝምሰጥን ከም ዝግደስን ገይሩኒ። ግዜ ኣይወሰድናን ፍቕራዊ ጉዕዞና ጀመርና። እንድዒ ናይ መጀመርያይ ግዲ ኮይኑ ፍቕራዊ ዓለም ፍሉይ ኮይኑኒ። ኩሉ ሓሳባተይ ብሒትዎ።

ጉዕዞና ምቁር'ኳ እንተ ነበረ፡ ኣካይዳና ግን ብስምዒት ዝተደፍአ እዩ ነይሩ። ተሃዊኽናዶ እብል'ኳ ነይረ እየ። ግን እዚ ኮይነ ክብል ኣይክእልን፡ ተዓንዚዚ። ኩሎም መርገጺታተይ ኣብኡ በጺሖም ዘይናተይ ኮይኖሙኒ። ናይ ኣማን ድፍኢት ተወሲኽዎ ድማ ንመትከላተይ ረጊጸዮም ክሓልፍ ጀመርኩ።

'ጓል፡ ክብራ ንብዓልቤታ ኣብ መዓልቲ መርዓኣ' ዝብል ዝነበርኩ፡ ገና ኣብ ሳልሳይ ወርሕና እየ ንዕኡ ኣረኪበየ። ብዘይ መከላኸሊ ንራኽብ ስለዝነበርና ክጠንስ'የ ዝብል ፍርሒ ነይሩኒ። ብዛዕባ ስክፍታታተይ ብዙሕ ግዜ ከዘራርቦ ፈቲነ እየ። ንዘረባይ ግን ብዙሕ ግዲ ኣይህቦን እዩ ነይሩ። መከላኸሊ ክጥቀም'ውን ኣይደልን እዩ ነይሩ። ካብ ፍኑው ጸታዊ ርክብና ዝተበገሰ ብዘይካ ጥንሲ ካልእ ስክፍታ ኣይነበረንን።

ልክዕ እዩ ብዛዕባ ኤችኣይቪ ኣይድስ ኣፍልጦ ነይሩኒ፣ ግን ክልቴና ካብ ሕማም ናጻ ኢና ኢለ እየ ዝሓሰብ ዝነበርኩ። እዚ ሓሳብ ካበይ ከም ዝመንጨወ ኣይፈልጥን'ምበር፡ ቅድመይ ምስ ብዙሓት ይዘውር ከም ዝነበረስ እፈልጥ ነይረ እየ። ኣመና ኣፍቅሮን ናይ መጀመርታይን ናይ መወዳእታይን ክኸውን እብህን ስለዝነበርኩ ኣሚነዮ።

ብዝኾነ ከምዚ ኢልና 6 ወርሒ ምስ ቀጸልና ኣብ ቦትኡ ክርከብ ስለዝተጸወዐ ናብ ቦታ ኣሃድኡ ተመለሰ። ጽምዋ ብርቱዕ እዩ። ዘይልመድ የለን ግን ለሚደዮ። ቦትኡ ዓሰብ ስለዝነበረ ኣብ ነዊሕ ግዜ እዩ ንዕረፍቲ ዝመጽእ ነይሩ። መስመር ቴለፎን ስለዘይነበሮ ብቴለፎን ርክብ ኣይነበረናን። ኣብ 3 ወርሒ ንሰሙን ኣረ ገሊኡ ግዜስ ን3 መዓልቲ ጥራይ እዩ ዝመጽእ ነይሩ። ኣብቲ መጀመርታ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ ፍቕርና ከም ቀደሙ እዩ ዝቕጽል ነይሩ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ግን ኣማን ክልወጠኒ ጀሚሩ። ተገዳስነቱ ክጎድል ጀመረ። እተን ዘልመደኒ ጥዑማት ቃላቱ ብቑዩቋን ጸርፍን ተተኪኡን። እንታይ'ዩ ኮይኑ ክርድኣኒ ኣይከኣለን። ምስቲ ዘይንራኸቦ ዝነበርና ፍቕሩ ጎዲሉዶ ይኸውን ዝብል ግምት'ኳ እንተ ነበረኒ፡ ክጠልመኒ ወይ'ውን ክንፈላለ ንኽእል ኢና ኢለ ግን ሓሲበዮ ኣይፈልጥን። እቲ ዘልመደኒ ሕንቃቕ እየ ስኢ'ምበር ርክብና ከም ቀደሙ እዩ ዝቕጽል ነይሩ።

ኣማን ምስ ተመልሰ ድሕሪ ዘይንቡር ተርእዮ ኣብ ነብሰይ ከስተብህል ጀመርኩ። ካብ ንቡር ዓቐን ንላዕልን ዝተፈልየ ሕብሪ ዘለዎን ፈሳሲ ካብ ርሕሚ ክነዝዕ ክዕዘብ ጀሚረ። ቀቀልጢፈ እሽይን። ክሽይን ከለኹ ኸኣ ቀጭቀጭ ኩበለኒ'ውን ጀመረ። እዚ ዘይንቡር ተርእዮ ኣዝዩ ኣሰምቢዱኒ። እንታይ ኮይነ እየ ኢለ ክጭነቕ ጀመርኩ። ዘማኽሮ ሰብ ኣይነበረንን። ናይ ቀረባ ሓሳባተይ ዘካፍሎ ሰብ ኣማን እዩ ነይሩ። ኣማን ግን ኣርሒቑ። ንስድራይ ክነግሮም ወይ ሕክምና ክኸይድ ኣሰከፈንን ኣሕፈረንን። ምስ ግዜ ይሕሸኒ ይኸውን ብምባል ድማ ክጸንሕ ወሰንኩ። ዝኾነ ሰብ ከይነገርኩ ሕክምና'ውን ከይከድኩ 2 ወርሒ ኣሕለፍኩ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ግን መሊሱ ደኣ ገደደኒ። እቲ ዝነበረኒ ከይኣኽለኒ ብርቱዕ ቃንዛ ሕቑን ቃንዛ ኣብ ከብቢ ታሕተዋይ ክፋል ከብደይን ገደደኒ። ኣብዚ እዋን ስድራይ'ውን ከስተብህሉለይ ስለዝጀመሩ ሕክምና ንክኸይድ ደፋፍኡኒ። ብድፍኢት ስድራይ ስክፍታታተይ ንጎኒ ገይረ ኣብቲ ጥቓና ሕክምና ስለዝነበረ ናብኡ ከድኩ። ድሕሪ መርመራታት ምግባር ውጽኢት መርመራ ክፈልጥ ናብ ክፍሊ ሓኪም ምስ ኣተኹ፡ በቲ ዝነገረኒ ተገረምኩ።

"ጅግል ዝበሃል ሓደ ካብቶም ብስጋዊ ርክብ ዝምሓላለፉ ሕማማት ከም ዝሓመምኩ ነገረኒ። ጅግል፡ እንታይ ማለት እዩ? ጅግል ካብ መን ሓሊፉኒ? ይሓዊ ድዩኸ?" ክብል ነቲ ብዓል ሞያ ሕክምና ብሕቶታት ኣዋጠርክዎ። እቲ ሓኪም ኩነታተይ ርእዩ ከረጋግኣኒ እዩ ፈቲኑ። ድሕሪ ምርግግኣይ ኪንዮ ኤችኣይቪ ኣይድስ ብዛዕባ ካልኦት ጥልቕ ዝበለ ኣፍልጦ ስለዘይነበረኒ ኩብርሃለይ ተወከስክዎ። ሓኪም ከም ዝገለጸለይ ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ስሞም ከም ዝሕብሮ እቲ ቀንዲ መተሓላለፊኦም ፍኑው ጸታዊ ርክብ ክኸውን እንከሎ፡ ብተወሳኺ ካብ ዝተለኸፈት ኣደ ናብ ዕሸል፡ በዞም ሕማማት ዘስዕቡ ታህዋስያን ዝተበከለ ደም ብልግሲ ደም ክመሓላለፉ ከም ዝኽእሉ ኣብርሃለይ። "ጅግል፡ ኤችኣይቪ ኣይድስ፡ ፍንጣጣ፡ ክላምድያ፡ ነድሪ ጸላም ከብዲ፡ ወዘተ ድማ የጠቓልሉ፡" ክብል ወሰኸለይ። ካበይ ክሓልፈኒ ከም ዝኽእል ኣብኡ እንከለኹ እዩ በሪሁለይ። ናይ ብሓቂ ከኣ ጉሃኹ። ዕሸነተይ ድማ ኣሕዘነኒ። ዝፈልጦ ዘይነበረኒ ክነሰይ ካብ ሕማም ኤችኣይቪ ኣይድስ ናጻ ኢና ኢለ ምሕሳበይ ገረመኒ። ዝርንዛሕ ድማ ነባዕኩ። ንብዓተይ እናጸረግኩ፡ "ይሓዊ ድዩ?" በልክዎ። ሓኪም ጸን ኢሉ ድሕሪ ምስማዕ ግቡእ ሕክምናዊ ምክትታል ብምግባርን ኣፋውስ ብግቡእ ብምውሳድን ክሓዊ ከም ዝኽእል ነገረኒ። ክሳብ ዝሓዊ ካብ ስጋዊ ርክብ ክቑጠብ ከም ዘለኒ'ውን ገለጸለይ። እቲ ምንታይሲ መጻምድትኻ መልከፍቲ እንተ'ለዎ ዳግማይ ክትልከፍ ስለትኽእል እዩ።

ገሊኦም ካብ'ዞም ሕማማት ከም ጅግልን ፍንጣጣን ቀልጢፎም ግቡእ ሕክምናዊ ምክትታል ምስ ዝግበረሎም ክሓውዩ ከለዉ፡ ከም ኤችኣይቪ ኣይድስ፡ ረኽሲ ጸላም ኩብዲ ቢ ግን ከም ዘይሓውዩን ክሳብ ሞት ከም ዘብጽሑን ነገረኒ። "በዞም ሕማማት ዝተለኸፈ ሰብ ምልክታት ከም ነዝዲ ካብ ርሕሚ ጓል ኣነስተይቲ ወይ መትሎ ወዲ ተባዕታይ፡ ቀቀልጢፍካ ምሻን፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ምሻን፡ ቀሲሲ (ኣልሰር) ወይ ጡብ ኣድጊ ኣብ መትሎ ወዲ ተባዕታይ ወይ'ውን ኣብ ስርዓት መፍረ ጓል ኣንስተይቲ፡ ረስኒ፡ ድኻም፡ ቅርጥማት የርኢ፡" ምስ በለኒ ኣነ ዝተዓዘብክዎም ምልክታት ዘከርኩ። ደንጉየ ብምምጻእይ ኣብ ህይወተይ ኣስጋኢ ሳዕቤን ከውርድ ይኽእል ከም ዝነበረ'ውን ሓበረኒ። ሰኣን ቀልጢፍካ ኣመት ጥዕናኻ ምግባር ዝገደደ ሳዕቤን ኣምጺኡ ነይረ። ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኺልካ ጥዕና ስለዝኾነ ኣብ መወዳእታ ካብዞም ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል እቲ ቀንዲ መገዲ ምሕራም ምኳኑ፣ ንሱ እንተ ዘይተገይሩ ሓደ ምስ ሓንቲ ምጽናዕ ኣገዳስነቱ ገለጸለይ። ከም ኮንዶም ዝኣመሰሉ መከላኸሊ ምጥቃም ናይ ምትሕልላፍ ተኽእሎ ከም ዘጉድሎ'ውን ወሰኸለይ። ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ድሕሪ ምግባረይ ኣብዚ ሕጂ እዋን ምሉእ ብምሉእ ሓውየ ጽቡቕ ኣለኹ። ምስ ኣማን ኣይጸናሕናን ተፈላሊናስ። ኣብ ከባቢያይ ዘለዉ መንእሰያት ድሩት ኣፍልጦ ብዛዕባ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ሒዞም፡ "ኣነ ናጻ እየ ወይ'ውን ኣይሓልፈንን እዩ፡" ብምባል ብሽለልትነት በቲ ኣነ ዝተጓዓዝክዎ መገዲ ክጓዓዙ ክርኢ ከለኹ የተሓሳስበኒ። ሰኣን ምጥንቃቕ ኣባይ ዘጋጠመ ኣብ ካልኦት፡ ብፍላይ ኣብ ደቂኣንስትዮ፡ ኣሕዋተይ ከይድገም፡ እዚ ናተይ ታሪኽ መምሃሪ ኽከውን ኣብ ጋዜጣ ከተውጽኡለይ እምሕጸነኩም።

***

ክቡራት ኣንበብቲ እዚ ዛንታ ብምሕጽንታ ናይ ወትሩ ዓሚልና ዝተጻሕፈ ኮይኑ፡ ኣንበብቲ ካብቲ ናታ ጉዕዞ ንኽመሃሩ ዝዓለመ እዩ።

እዞም ሕማማት ኣሰከፍቲ ካብ ዝገብሮም ብልምዲ ኣብ ሕብረተሰብና ዓው ኢልካ ዘይትዛረቦሎም ኣብ ልዕሊ ምኳኖም፡ ንነዊሕ ግዜ ምልክት ከየርኣዩ ክቕጽሉ ስለዝኽእሉን እዮም። እዚ ድማ ምትሕልላፍም ምቹእ ይገብሮ። እዞም መልከፍቲ ቀልጢፎም ምስ ዘይፍወሱ ናብ ረኽሲ ስርዓት ሽንቲ፡ መኻንነት፡ ዘይንቡር ጥንሲ (ጥንሲ ኣብ ሻምብቕታት ማህጸን) ኣብ ደቀንስትዮ፡ ናይ ልቢ ጸገም፡ ናይ ስርዓት መትኒ ጸገምን ሞትን የስዕቡ። ስለዚ ዝኾነ ሰብ ዝኾነ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታት ምስ ዝዕዘብ ብቕልጡፍ ናብ ትካላት ሕክምና ክኸይድ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ ከምዚ ብዘይ ምግባር ናብ ዝበኣሰ መድረኽ ንኽሰጋገሩ ዕድል ስለዝህብ እዩ። ኣብ መወዳእታ እቶም እንኮ ምሉእ ብምሉእ ካብ ምትሕልላፍ ናይዞም መልከፍቲ ከወግዱ ዝኽእሉ ምሕራም ከምኡ'ውን ምስ ሓደ ወይ ሓንቲ ምጽናዕ ክኾኑ ከለዉ መከላኸሊ ብምጥቃም ጥዕናና ክንሕሉ ይግባእ።

ፅቦና

ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

ውድድር መጓ ሓኸዒ

ናብ ሓደ ዋላ ቀዲምካ ናይ ምሕኳር ውድድር ተሰርዐ። ብዙሕ ተዓዛቢ ድማ መጽኡ። ብዙሓት እንቀርያባት ክወዳደራ ተቖረባ። ውድድር ተጀመረ። ነቲ ውድድር ክዕዘቡ ካብ ዝመጽኡ፡ እዞን ደቀቕቲ እንቀርያብ፡ ናብ ጫፍ ናይቲ ነዊሕ ዋላ ክሓኾራ'የን ኢሉ ዝተጸበየ ኣይነበረን።

"ክላእ፡ ኣመና ብርቱዕ እዩ፣" "ነዚ ዋላ ትሓኾሮ የላን፣" "ዕድል ጌርካ'ኳ ኣብ ጫፍ ዋላ ክብጻሕ ኣይከኣልን፡" ክብሉ ተሰምዑ።

እተን ክሓኾራ ጀሚረን ዝነበራ እንቀርያብ በብሓደ ከንሸራትታ ጀመራ። እተን ድሕረን ዝጀመራ ጸቡቕ ክሓኾራ ጀመራ። እቶም ተዓዝቡቲ "ክላእ፡ ኣመና ብርቱዕ እዩ፡" "ነዚ ዋላ ትሓኾሮ የላን፡" "ዕድል ጌርካ'ኳ ኣብ ጫፍ ዋላ ክብጻሕ ኣይከኣልን፡" ክብሉ ተሰምዑ።

እተን ደቀቕቲ ዕንቀርያብ ተሰፋ ቁሪጸን ናብ ታሕቲ ከንሸራትታ ጀመራ። ብዘይካ ሓንቲ ዕንቀርያብ ኮለን ተሰፋ ቁረጻ። ንሳ ግን ኣብቲ ጫፍ ዋላ በጽሐት። እዚን ኮለን ተሰፋ ቁሪጸን ዝተረፋ መወዳድርታ ከመይ ኢላ ከም ዝተዓወትት ክሓተኣ ደለያ። ሓንቲ ካብኣን ከኣ ከመይ ገይራ ከም ዝተዓወተት ሓተተት።

እንተኹን እታ ዕውትቲ፡ ጽምምቲ ኩይና ጸንሐት'ሞ ነቲ ተሰፋ ዘቕርጽ ዘረባ ኣይሰምዐቶን።

Inspirationalstories.com

ሓሳባት

ክብሮም ገብረኣብ
ማእከል ምርምርን ስነዳን

(ማበል 12 ክፊል)

ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት

ክቡራት ኣንባቢ ኣዚ "ጽወጻዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት" ብዘብል ኣርእስቲ ብዙኻታቲ. እነቓርበልክም ዘሎና ጽሑፍ 'ባድ ሳማሪታንስ' (BAD SAMARITANS – The guilty secrets of rich nations & the threat to global proposperity- Ha-Joon Chang - 2007) ካብ ዘርእስቲ መጽሓፍ ዝተተርጎመ ምኳኑ ብኣእምሮ ንሕዝቦ ንሕብር።

ቀጻጽር ናይ ወጻኢ ወፍሪ ኣድላዪ ድዩ?

ኣብ 1984 ኣብ ኣመሪካ ዝመደበራ መጽሔት ባሽርኒ "ኣመሪካውያን ኣብ ስጽና እንሕሰስ መጻልቲ ኣመሪካዊ ወተሃደር ከይተማረኽ ዝወፅሰላን ኣመሪካ ካብ ምዝመላ ኣወርጃውያን ኣውፈርትን ኣለቃሕቲ ገዝዘን ናጻ እትኾላ ዕለትን እዩ።" ክትብል ጸሓፋ። ኣመሪካውያን ከመይ ኢሎም እየም ክንድዚ. ኣብ ልዕሊ. ወጻኢኛታት ኣውፈርት ተጻዊሮ ከይኖም ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮና ክመጽእ ባህርያዊ እዩ። ይኹን'ምበር ሰፊሕ መጽሔት ባሽርኒ ቀነፅ እዩ ነይሩ። ከመይሲ ኣመሪካ ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ወጻኢኛታት ኣውፈርት ኣብ እተካይዶ ዝበረት ሰምምት ከብድ ፈተና እያ ኣጋጢሙ። ኣመሪካውያን ዝ. ሓቂ'ዚ. ካብ እተረድኦሉ ጀሚሮም ኣንጻር ወጻኢኛታት ኣውፈርት ብዙኻታቲ. ዝተፈላለየ ስጉምቲ ወሲዶም እየሞ። ኣብ 1832 ፕረዚደንት ኣንድሪው ጃክሰን ነቲ ኣብ ኣመሪካ ብዕቡዩ ድሕሪ ባሽ. ሞሚልተን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝነረሰ ብወጻኢኛታት ዝወሰን ዝበረ ሓወሲ.ማእከላይ ባሽ. ወረቐት ፍቓዱ ነቢሕድስ ምኽልኳሉ ይፍለጥ።

ፕረዚደንት ጃክሰን ወጻኢኛታት 30% ብርኪ. ባሽ. ክውንኑ የብሉምን ብዝብል ምኽንያት'ዩ ዝ. ስጉምቲ'ዚ. ዝወሰዩ። ጃክሰን ብዘዕባ'ዚ. ውሳነ'ዚ. ከብርሃ ከሎ፡ 'ብቐዳጕዱ ርእሶምል ባሽ. ኣብ ኣድ ዚጋታት ካልኣት ሃገራት እንተ ወዲቕ እሞ ድማ ንሕና ምስቲን ሃገራት ናብ ወማኢ እንተ ኣምራሕና፡ ኩነታትና ከመይ ክኸውን እዩ?' ዝብል ሕቶ ብምልዓሉ ባጠራና ኣብ ኣድ ካልኣት ከም ዝኣቱ ምግባር፡ ካብ ናይ ጸላኢ. ሓይሊ. ባሕርን ወተሃደራዊ ኣጸዋርን ንላዕሊ. ዘርኢድን ሓደጋን ምኳኑ ብምግለጽ፣ ገዝዘብ ህዝቢ. ንኻልኣት ኣሕሊፍካ ምሃቡ ብኣሽሓት ዝቐጸሩ ዚጋታት ተመጽእወትቲ ምግባር ምኳኑ የረድኦ፡ ስለዚ'ውን ባሽ. ክህልወና ግዴታ እንተኾይኑ፡ ምስእ ብምስእ ብኣመሪካውያን ዝወሰን ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ድማ ይሞግት። ኣብዚ. ሎሚ እዋን ፕረዚደንት ናይታ ኣብ ምምዕባል እትርከብ ሃገር ከምዚ. ዝዓይነቱ ተመሳሳሊ. መደረ እንተ ዘቐርብ ከብድ ጽልእን ተዘጽሎ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዓለምን ምወረደ።

ኣመሪካ ቁጠባዊ ዕቡዋት ከተርእዩ ካብ ዝጀመረት ክሳብ ቀዳማይ ውግእ ዓለም፡ ኣብ ዓለም እታ ዝዓበየት ኣኢታዊት ናይ ወጻኢ. ርእሶምል'ያ ነይራ። ኣብ 1930ታት ግና 'ንወጻኢኛታት ኣውፈርት ዘግለል ምሕደራ' ምትእትታው ኣጉዳሲ. ኮይኑ ረኺቡዩ። ኣብ 1835 ናይልስ ዊክሲ. ረጅስተር ዝሰማ ሃገራዊት መጽሔት ብምግልተናዊ ኣዘራርቡ "ናይ ወጻኢ. ርእሶምል ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ኣመሪካ ክኣቱ ኣለዎ" ክትብል ጸሓፋ።

ዝ. ስሚት'ዚ. ብዝጸብጥቕ መገዲ ፊደራላዊ መምስረት ኣመሪካ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብጽኑዕ ክቆጻጸር ጀሚሩ። ተቐሚጦ ኣመሪካ ዘይሓት ወሃቡ ብርኪ. ናይ ምድማጽ መሳል ከም ዘይበሉምን ዚጋታት ኣመሪካ ጥራይ ኣየደድኑ ስራሕ ሃገራዊ ባሽ ክኸሱ ከም ዝኽእሉን ዝድንግግ ኣዋጅ ወፁ። እዚ ማለት 'ወጻኢኛታት ውልቀሰባትን ናይ ወጻኢ. ፊናንሳዊ ትካላትን ኣብ ሃገራዊ ባሽታት ኣመሪካ ብርኪ. ክሳደግ እንተ ደልየም ኣብ ቦርድ ዳይሬክተራት ኣመሪካውያን ዚጋታት ጥራሕ ከስርሑ ድሉዋት ክኸሱ ኣለዎም ማለት'ዩ። እዚ. ደማ ወጻኢኛታት ኣውፈርት ኣብ ጸላት ባሽ. ከየወፍሩ ተሰሩ ንምቕሪጽ ዝዓለመ እዩ ነይሩ።

ብዘዕባ'ዚ. ኣብ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ኢንዳስትሪ ዝዋደድ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዕቱብ ቀጻጽር ተገብረ። ኣብ ዝበዘሓ ግዜኣታት ኣመሪካ ብወጻኢኛታት ዝዋደድ ወፍሪ ተኸልኪሉ። ብዘሓት ግዜኣታት ወጻኢኛታት ኣውፈርት ኣብ ገመገም ባሕሪ ዘሎዩድዎ ወፍሪ ከልኪሉ። ኣብ 1887 ኣብቲ ብፍቓድ መንግስቲ ንወጻኢኛታት ዝተፈቕደ ዋንኡ መሬት ከምኡ'ውን ኣብቲ ልዕሊ. 20% ብወጻኢኛታት ከጣንያታት ዝወሃን መሬት ብፍላይ ኣብቲ ጽንጽንታ መሬት ልዑል ዝኾነ፡ ዋንኡ ዝኸልኽል ፊደራላዊ ኣዋጅ ንብረት ወጻኢኛታት ተኣወጀ። ኣብዚን ኣመሪካውያን ዝሰርሑሉን ናይ ብርኪ. ከጣንያታት መሳል ሕጊ ዕደና ዝኸልኽል ፊደራላዊ ኣዋጅ ወፁ። ኣብ 1878 ኣብ መንግስታዊ መሬት ንጥፈታት ቀልጢ. (timber) ከኣይዱ ዝኽእሉ ተቐሚጦ ኣመሪካ ጥራይ ምኳናም ዝድንግግ ኣዋጅ ቀልጢ. ተኣወጀ።

ገለ ግዜኣታት ካብቲ ፊደራላዊ ኣዋጃት ብዙሓደለ ኣብ ልዕሊ. ወጻኢኛታት ኣውፈርት ክዝር ጸልኢ. ኣሕደረ። ከም ወጽኢቱ ብዙሓት ግዜኣታት ኣብ ልዕሊ. ናይ ወጻኢ. ከጣንያታት ካብቲ ብመንግስቲ ዝተኣወጀ መጠን ቀረጽ ንላዕሊ. ልዑል መጠን ቀረጽ ከኸፍላ ተሪእዩ። ኣብ 1887 ግዜኣት ኢንድያና ወጻኢኛ ከጣንያታት ኣብ ቤትፍርዲ ውሕስት ዝረኸቡሉ መሳል ምስእ ብምስእ ዝኸልኽል ቀጻዲ ኣዋጅ ኣተኣታትዩ። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍሊ ዘመን ምምሕዳር ግዘኣት ኒው የርክ ኣብ ፋይናንሳዊ ጸላት ነቲ ደረጃኡ ዝሓለወ ቅልጠፍ ዕቡዋት ዘርእዩ ዝበረ ጸወና ዕሽል ኢንዳስትሪ ዘተባህዕ ናይ ወጻኢ. ቀጥታዊ ወፍሪ ዝጸብኣ ስጠምቲ ወሲዱ። ኣብ 1880ታት ምምሕዳር ኒውዮርክ ናይ ወጻኢ. ባሽታት ኣብ ባዕዊ ንባዲ ንኣቡት ምቕማጥ ሕሳብ ባሽን ቅሰ መጠን ወረቐት ገዝዘን ከይዋፈራ ዝኽልኽል ሕጊ. ኣወጸኡ። ኣብ 1914 ናይ ወጻኢ. ጨናፍር ባሽታት ከይምስረታ ዝኽልኽል ሕጊ. ባሽ. ሰዓበ። ንኣቡት እቲ ብዝጠራቕሞ መጠን ሕሳብ ካብ ዓለም ሳልሳይ ደረጃ ሕዙ ዝበረ ኣብ መላእ ዓለም 867 ጨናፍር ኣብ ኣመሪካ ጥራይ ደማ 45 ወከልቲ ዝበርዎ ለንደን ሲቲ.ሚድላንድ ኣብ ኒውዮርክ ጨንፈር ኾነፍት ኣይፈኣለን።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ. ናይ ወጻኢ. ቀጥታዊ ወፍሪ ዋላ'ኳ ሰፊሕን ጸንዓ ቀጻጽርን እንተኣቐደት፡ ኣብ 19ን ፊለማ 20 ክፍለዘመንን እታ ዝለዓለ ተቐባሊት ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝበረት ሃገር እዩ። ብዙመሳሳሊ. ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ቻይና ዘቐደዳ ጸንዓ ቀጻጽር ሰዓብ ሃገራዊ ውጥን ከጣንያታት፡ ናብታ ሃገር ልዑል መጠን ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ካብ ምፍሳስ ኣይዓንደፉ። ብመንጽር ዝተኸተሉ ጸንዓ ቀጻጽር ናይ ወጻኢ. ወፍርን ካብ ዓለምና ብቐዳማይ ደረጃ ዝበረ ልዑል መጠን ኢንዳስትርያዊ ቀረጽ ካብ 1900 ክሳብ 1920ታት ኣብ ዝበረ ዓመታት፡ ኣመሪካ ኣብ ዓለም እታ ቅልጠፍ ቁጠባዊ ዕቡዋት ዘርእየት ሃገር እዩ። እዚ. ታሪኽ'ዚ፡ ነቲ 'ቀጻጽር ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዕድላት ዕቡዋት ዝሃሰ. እዩ' ዝብል ቅብል ሰሙማት ዝጸረረ እዩ።

ጃፓን ካብ ኣመሪካ ንላዕሊ. ጸንዓ ቀጻጽር ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ተዘወትር ነይራ። ብፍላይ ቅድሚ 1963፡ ደረት ዋንኡ ወጻኢኛታት 49% ጥራይ ከም ዝኸውን ብምግባር፡ ኣብ ዝበዘሕ ኣገደስቲ ዝብሃል ኢንዳስትሪታት ዝዋደድ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ምስእ ብምስእ ጠጠው ኣበሉዩ። ጃፓን ዋላ'ኳ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብዘዘምታዊ መሳርሒ እንተ ኣተኣታተወት፡ ኣብዚን ብዘቢታውያን ትካላት ተደላይቶት ዘለወን ዝተወሰነ ኢንዳስትሪታት ጥራይ እዩ ተግባራዊ ኮይኑ። ከም ወጽኢቱ ምስዚን ካብ ቀጽሪ ዳሳሳት ወጻኢ. ዝበራ ሃገራት ብምውድዳር፡ ብመንጽር ዝበራ ጃፓዊ ሃገራዊ ወፍሪ ጃፓን እታ ዝዓሉት መጠን ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝተቐበለት ሃገር እዩ። ዝ. ታሪኻዊ ሓቂ'ዚ. ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብዚ. ቀረባ እዋን መንግስቲ ጃፓን ናብ ኣህጉራዊ ውድብ ንግዲ. ኣብ ዘቕረቦ ሰነድ፡ 'ኣብ ናይ ወጻኢ. ቀጥታዊ ወፍሪ ዕንቅፋት ምግባር ዋላ ብዓይኒ. ፖለሲ. ልምዓት'ውን እንተኾነ ቅኑዕ ውሳነ ኣይተገበረ' ምባል፡ ብሕጽ ኣብቡት ፍሉይ ታሪኻዊ ዝንባዕ (ኣምብዚያ)፡ ደርብ መሳጠቢ. ከምኡ'ውን 'ድኃስ መሳልል' ጥራይ እዩ ክብሃል ዝኸእል።

ኮርያን ታይዋንን ካብዚን ቀዳሞት ደጕሓ ፖለሲ. ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝብሃላ ሃገራት ኮይነን 'ዞባ ምስርሓ ሰደድ' (EPZs) ዝብሃል ኣብ ልዕሊ. ናይ ወጻኢ. ትካላት ትሕት ቀጽጽር ዝገብር ፖለሲ. ይኸተላ ነይረት። ይኹን'ምበር፡ ካብዚ. ዞባ ወጻኢ. ኣብ ልዕሊ. ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብዙሕ ከልኪሉ ፖለሲ. ነይሩወት። ንኣቡት ናይ ወጻኢ. ትካላት ከወፍሪሉ ዝኽእላ ቦታታት ብምውሳንን ዝውንንኡ ብርኪ. ብምድራትን ኣውፈርት ከም ዘይተባህበው ይገብራ ነይረት። ብዘዘ'ዚ. ሰዓረ ሃገራውያን ከጣንያታት ዘተኣታተወኡ ቴክኖሎጂ ብምቁጽጽር፡ ቀይዲ ሰደድ ብምንባር፡ ዘጊታዊ ጸጋታት ክጥቀማ ከም ዘለወን ዘገድድ ሕጋጋት ብምትእትታው ተረር ቀጽጽር ዋጊዳ ነይረት።

ምስ ጃፓን ኣመሪካን ፊለንደን ብምጽጋር፡ ሃገራት ኣውሮጳ ማለት ዓባይ ብሪጣንያ፡ ፊረንሳን ጀርመንን ዝተኸተልኡ ቀጽጽር ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝመረረ ኣይነበረን። ቅድሚ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ እዚን ሃገራት ለኣኽቲ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ እምባር ተቐባልቲ ኣይነበራ። ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ካብ ጃፓንን ኣመሪካን ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ክቐብል ድሕሪ ምጅማሮ፡ ናይ ኣተገብራ ቅድመኻኑት ብምትእትታው ዋሕዚ. ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ክድርታ ጀመረ። ክሳብ 1970ታት ናይ ወጻኢ. ሽርጊ ብምቀጽጽር ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ክድርታ ይፍትና ነይሩ። እዚ. መቐጽጺሪ ድሕሪ ምስራዝ፡ ዘይወገዳ ኣተገብራ ቅድመ ኩነት ክጥቀማ ጀሚሩ። ዋላ'ውን እታ ንዞኡ ርእሰ ተሓቐት ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ምኳና እትገልጽ ብሪጣንያ፡ ምስ ዘኽታዊ ምንጪ. ጥራሃራት፡ መጠን ፍርያትን ሰደድን ዝተኣሳሰር ዝተፈላለየ 'ሕጋዊ ባይታ ዘይብሉ ዘይምኽሉይ ክልኪ' እትጥቀም ዝበረት ሃገር እዩ። ኣብ 1981 ኣብ ብሪጣንያ ትካል ዝኸፈተ ኒሳን 60% ናይ ዝጥቀመሉ ጥራሃር ካብ ወቐጠ. ሃገር ክኣክብ ድሕሪ ግዜ ድማ ዝ. ናብ 80% ከሰብር ከም ዘለዎ ብዘገድድ ናይ ኣተገብራ ቅድመኻኑት ተቐዊዩ። ብዘዘ'ዚ. ፍርድን ጃምን ብመንግስቲ ብሪጣንያ ሚዛን ንግዲ ክሕልወ. ጸቕጢ. ይግበረሉም ምንባሩ ጸብጺቡ የመልክቱ።

ተመኪሮ ናይተን ኣብ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብምምርኻስ ዝተዓወታ ሃገራት ሲንጋፖርን ኣየርላንድን እንተ ተዓዚቦ፡ መንግስታት ኣኣንገድቲ ሃገራት ሰዋረ ሃገራውያን ከጣንያታት ድሳዊን ክጠብራ ዝፈቐዱ ዘይምኳናም ዘርኢ. እዩ። መንግስታት እዚን ሃገራት ናይ ወጻኢ. ከጣንያታት ኣብ ዝቐብሉሉ፡ ንኣውፈርት ሰሉብቲ ዝኾኑ ናይ መጻኢ. ቁጠባዊ ዕቡዋት ከረጋግጹ ኣብ ዝኸኑሉ ስትራተጅያዊ ዓውድታት ብምትካር ፍሉይ ፖለሲታት ይኽተሉ። ፖለሲ. ሆንግ ኮንግ ናጻ ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዘተባህዕ ኮይኑ፡ ብኣንጻሩ ፖለሲ. ሲንጋፖር ኣብ ዝተመርጹ ዓውድታት ዘተኩረ እዩ። ኣየርላንድ ሓፊሻዊ ማለ ሓዲጋ ፖለሲ. ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ድሕሪ ምኽታሉ ብፍላይ ደማ ንኣውፈርት ኣብ ዝኸሰብ ዓውድታት ማለት ኢሌክትሮኒክስ ቅመማ መድሃኒት፡ ሶፍትዌርን ፋይናንሳዊ ኣገልግሎትን ንጹር ስትራተጂ ኣወጺኣ ክትሳርሕ ድሕሪ ምጅማራ ጥራይ እዩ ሓቀኛ ምዕባለ ከተርኢ. ዝኸእላ።

ብሓፊሹ ታሪኽ ኣብ ጎድኒ እተን ቀጽጽር ዘዘወትራ ሃገራት እዩ። ኣብዚ. ሕጂ እዋን ዘለዋ ዝበዘሓ ሃብታማት ሃገራት፡ ተቐባልቲ ኣብ ዝበራሉ፡ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ዝኸልኽለ ዝበራ እዮም። ገለ እዋኑ ጃፓን ኣመሪኻ ፊንላንድ ከምኡ'ውን ኮርያ ኣብ ገለ ዓውድታት ዝኸተልኡ ዝበራ ክልኪለ ኣዝዩ ጨነገፍ ነይሩ። ሲንጋፖርን ኣየርላንድን ቀጥታዊ ናይ ወጻኢ. ወፍሪ ብዘዮዉ ብማትግበር ኣብ ዝዓዉታሉ፡ ነቲ ሎሚ እኹያት ሳዕራውያን ኣብ ምምዕባል ዝጋበ ሃገራት ክርስምኡ ዝደልይዎ ቀጽጽር ኣልቦ ስርዓት ዕዳጋ (laissez-faire approach) ኣይተኸተላ።

ይቐጽል . .

ሎሚ ኣብ ERI-TV

07:30	ሰኑስርዓት ቦዕል ጥምቀት (ብቕጥታ) ክመሓላለፍ እዩ
10:30	ሃለው ቅልው
11:00	ስለ ስፖርት
12:30	ዜና ትግርኛ
12:55	ጨፈራ ጥዕና
13:30	ዜና ዓረብ
13:50	መልሲ ኣብ መሳሪ
14:30	ናትራን
17:00	መኣዝን ልምዓት
17:30	ሳይዳ
18:30	ዳረትቃና
20:00	ዜና ትግረ
20:13	ሽዕበት
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	ቴክ ኢንሳይት
22:00	ዜና ዓረብ
22:15	ኢድኣት
22:30	ዜና እንግሊዝ
24:40	ሃገራዊ መዝሙር

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ታሸዓይን መወዳእታን ክፋል

“እወ ማማ ሓበዝይ ባ ክጸልኦኒ ኣይደልን እዩ። ምሽ ተጋዋዲ ኣለከ። በጃኺ ኣይትግበርለይ ” ለመጽሐፑ። ባ እዛ ጉዳይ ክሳምን ኣይደለኽኑ።

“ኣይግበረልኒ እየ ኣበል ወደይ ዝዘተቓኖኑ ይኣክል” ኣይይ ዓይኒ ዓይነይ እናርእየት ተዛረበትኒ።

“ኖቓጸለይ! ማማ ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ሕማቕ ሰራሕ ኣይገብርን እዩ። ኣብ ግዜ ፈተና ዋላ ክብርታ ሐዘ ከይደ ኣብ ትሕቲ ክብርታ ኮይነ ክሰርሕ እዩ” ኣይይ ክትሳሕቕ ደለኸኑ።

ከም ድልዩተይ ኣይይ ፍሽኽ በለት። ንኣይይ ስለዘጋሃሽዋ ኣመና ሓዚነ ነበርክ።

ምስ ኣይይ ምስ ተረዳዳእክ፡ ኣገዛ ተረጋጋእክ። እንተኾነ ኣይይ ንባ ከይትሃሮ ስለዘፈረሓኩ ካብ ገዛ ከይወጽእኩ ንምን ክሕሉ ወሓልክ። ኣይይ ብዘዕባይ ከይተዛረበት መሳዩ፡ ተሓገነሰ ድማ ደቀስክ።

ገጽኡሒቱ ንዋሆ ተገሽአ ቀርሲይ በለ ናብ ቤት ትምህርቲ ከይከፍ።

ናህም ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርትና ርኣኹዎ። ኣነ ጸለአዮ ስለዘመጽኩ ክዘረባ ኣይደለኹን።

ንሱ ግን ካብቲ ዝመጽ ኣብ ቅድመይ ቅርብ ኣሉ፡

“ኣበል ዓርከይ ብናይ ትግሊ ኣይትሓዘለይ። ብዘመጽኩዎ ድቃስ ዘይብለይ እየ ሓዲረ” ኣብ ቅድመይ ቁይሙ መሬት መሬት እናጠመተ ተዛረበ።

ኣነ ሰቕ በልኩ። ኩራ ምጕዳፍ ኣብዲ ነበረ።

“ኣንታ ኣበል ዓርከይ እዚ ኹሉ ይቕረታ እናበልኩኻ” ብዮማይቲ እዋኑ መሬት ክፍሕር ጀመረ።

ኩነታቱ ኣደንገጸኒ። ብኡስይ ድማ ሰዋህ ስለዘቸኮሽ፡

“ሕራይ በቃ ኣይሕዘልካን እዩ። ስለዘጠሰምካኒ እየ ጸለአኑ” ብሓወሰ ኩራ ተዛረበኩዎ።

ዛንታ

እታ ወረቐት

“ተረዳእኒ ኣበል ዓርከይ። ከምቲ ንሽኻ ‘እዛ ወረቐት ናይ መን እያ?’ ምስ ተባህሉት ሰቕ ዝበልኦዮ እኳ’ዩ። እምባር እታ ወረቐት ምስ ተታሕዘት ካቦኻ ንላዕሊ. ኣነ ሓሚመ። ከምዝሰከፍኩኻ ይርደኦኒ እዩ” ናህም ኑቲ ኩነታት ኩብርሃለይ ፈተኑ።

እንተሓሰበኩዎ ሓቂ እዩ። ልክዕ ከም ናተይ እዩ ሓሰዩ። ሕሰብ እንተብልኩዎ ኣነ እየ ከቐድሖ ዘይክእል።

“ናህም ዓርከይ ሓቅካ ኣለኻ። ከምቲ ኣነ ዝገበርኩዎ ኢኻ ገይርኻ፡ ኣነ’ውን ተጋዋዲ እዩ። ‘ኣየቅድሕን’ ክብለካ እኽእል ነይረ እዩ። በቃ ፍትወ፡” ኣይይ ሰዒደ ሰላም በልኩዎ።

ናህም ተሓገሩ ከምነፍስ በሉ፡ ነታ ዝሰደደኩሉ ኣይይ ደማ ጸቡቕ ገይሩ ጨበጣ።

ናይ ሃገር ቁልዑ ጸንሕ ኣልና ናብ ካልእ ዕላል ሰገርና።

ደወል ቤት ትምህርቲ ተደዊሉ ተሰረዐና ናብ ክፍሊ ኣተና።

ሰለስት ክፍሊ ግዜ ምስ ተመሃርና እዋን ዕረፍቲ ኣኸሉ፡

“ኣበል ዓርከይ ናብ ቤት ጽሕፈት ርኣሰ መምህር ንኸድ” ናህም ኣብ ኣፍደገ ክፍልና ኣብ ጉድነይ ደው ኢሉ ኣዘዋኸሮ።

“ሕራይ” ብምባል ናብ ቤት ጽሕፈት ርኣሰ መምህር ጠመትክ። ማማ ኣብ ኣፍደገ ደው ኢላ ርኣኹዋ። ገይፃኒ ገጽንሐ ሕርቃነይ ሃንደበት መጽኣኒ። ኮረኸ። ንናህም ጠሚተ ድማ

“ማማ ኣብ ኣፍደገ ናይ መምህር ዳዊት ኣላ ንኸድ” ናብ ቤት ጽሕፈት ርኣሰ መምህር ተጠምዘከ።

ካብ ክፍልና ቀረብ ስለዝበረ ቀልጢፍና ናብ ኣይይ በጃሕና። ክልቴና ሰላም ኣልናያ ምስ ኣይይ ደው በልና።

መምህር ሚርያም ካብ መዕረፊ መምህራን ወጺኣ ናብ ቤት ጽሕፈት ርኣሰ መምህር ሰጋመተ። ናብ ቤት ጽሕፈት ርኣሰ መምህር እተው ኢሉ ጸንሕ ኢላ ተመልሰት። ንሰለስቴና እናጠመተት፡ “እተወ፡” በለት።

ተመሪረሕና ናብ ወሽጣ ቤት ጽሕፈት ኣተና።

ከፍ ክኑበል ተሓበረና። ሰለስቴና ከፍ በልና።

“ሕራይ . . .” መምህር ዳዊት ንሰለስቴና ኣበራርዩ እናጠመተ ክዘረብ ጀመረ። ብምቕጻል “ኣበል ኣዴኻ ድዮ?” ናባይ ጠሚቱ ሓተተ።

“እው” መለሰኽሉ እናፈረሓኩ።

“ሕራይ መጀመርታ መዝ’ሞ ስምኪ?” መምህር ዳዊት ናብ ማማ ጠሚቱ ሓተተ።

“ህድኣት፡” መለሰት ማማ ህድእ ኢሉ።

“እንታይ ከምዝበዙ ነገሩኒ ድዩ?” መምህር ሚርያም ኣብ መንነ ተዛረበት።

“እወ ነገሩኒ። ንተመሃራይ ኣብ ግዜ ፈተና ወረቐት ናይ ፈተና ክህብ ተረኺቡ፡” ኣይይ ንመምህር ዳዊት እናርእየት ተዛረበት።

“ተመሃራይ ከምዚ ክገብር ይግብኦ ድዩ?” መምህር ዳዊት ሕዩኡ ቀጸሉ፡

“ኣይግብኦን እዩ፡ እንተኾነ ተጋዲዩ” ኣይይ ተመሳሳሰት። ከይሰከፍ ዝፈጸሎት ትመስል።

“ወ/ሮ ህድኣት ካብ ኣበል ወድኺ. ከምዚ ዓይነት ተግባር ፈጺመ ኣይተጸበኹንዩ። ንሱ ምኳኑ ምስ ፈለጣኩ ኣገዛዩ እየ ተገሪመ” መምህር ሚርያም ንምምን እናጠመተት ተዛረበት።

“ሓቅኻን መምህር ንዓይ’ውን ገሪመኒ እዩ” ኣይይ ብኡዳ ገጹ ደገፈት። ገጽ ኣይይ ከሰል መሳለ።

ኣይይ ከምዚ ኢላ ክትመኖኸን ምስ ረኣኸዋ መሲሉ ገመገኸ።

“ሕራይ እምባኦር እዚ ጉዳይ ብዙሕ ሰዓ ሰርዓት ተራእዩ ውሳነ ተዋሂቡ ኣሎ። እዚ ውሳነ ንክልተኦም ተመሊሑ መጀመርትኦም ምስ ምኳኑ ቅልል ዝበለ ውሳነ እዩ። ካልኣይ ግዜ ከምዚ እንተኣጋጊሩ ግን ካብ በት ትምህርቲ ክሰገሩ እየምኑ። ስለዚ፡ ኣበል ሰላሳ መዓልቲ ማይ ናይ ሓሙሽተ ሊትሮ ከምጽእ፣ ኣምጺኡ ኣታኽልቲ በት ትምህርቲ ከስተ። ተወሳኺ. ድማ እዛ ፈተና ባዶ ተዋሂቡዩ ኣሎ” ከልና ኣተኩርና ንዋምዮ ነበርና። ኣነ ቡቲ መቐጸዕቲ ሕማቕ ተሰመዓኒ።

መምህር ዳዊት ዘረበኡ ቀጸሉ

“ናህም ድማ ንኣበል ኣብ ከምዚ ዘውድቕዮዮ ንሽኻ ኢኻ፡ ስለዚ ናትካ ድማ ዕሰራ ማይ ናይ ሓሙሽተ ሊትሮን እዝ ፈተና ድማ ባዶ ተዋሂቡካ ኣሎ። ዝኾነ ሕዮ እንተሰከም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም” ንኹልና በቡሓደ ጠመተና።

ኣይይ ክትዛረብ ተጸጊሙዋ፣ እንተኾነ ሰቕ በለት። ኣብ ገጹ ግን ናይ ጓሂ ምልክት እርእየላ ነበርክ።

“ሕራይ መምህር ዳዊት እዚ ዝተወሰነ ውሳነ ግበእ እዩ። ክልቴኹም ድማ ካብዚ ዝገበርኩማ ክትመሃሩ ይግብኦኩም፡ ከምዚ ዓይነት ተግባር ኣብ ክፍሊይ ክርኢ. ኣይደልን እዩ። ካልእ ግዜ ከምዚኣ እንተደጋግሙ ክትሰገሩ ምኳኑ መምህር ነገሩኩም ኣሎ። ካብ ጽባሕ ጀሚርኩም እተን ዝተዛነፋኹም ማይ ከተምጽኡ ኢኹም፡ ትኽ ኣልኩም ድማ ናባይ ትመጽኡ፡” መምህር ሚርያም ርእይቶኣን ሓበሬታን ወሰኸት።

“ሕራይ እምባኦር ወዳእና ኣሎና። ወደዘር ህድኣት ዝፍራም ስለዘሎ ክትፍርሚ ኢኺ፡” መምህር ዳዊት ንምምን ኣፈረመ ኣፋነወና። ካብ ቤት ጽሕፈት ምስ ወጽእና ኣይይ ተሰናበታትና ናብ ገዛ ከይት።

ኣነ ብሕርቃን ናብ ክፍሊይ ኣተኹ። ቡታ ዝፈጸምኩዋ ጌጋ ድማ ወትሩ እሓዝኩ፡

ኣብ መወዳእታ ዓመት ቦዝ ዝገበርኩዋ ጌጋ ራብዓይ ተርታ ወጺኡ። እቲ ዘሕዝን ካብቲ ቀዳማይ ብኣርባዕተ ነጥቢ፡ ካብቲ ካልኣይ ብሰለስተ ነጥቢ፡ ካብቲ ሳልሳይ ድማ ብሽንፈት ነጥቢ. ካብ ሽልማት ምትራፈይ እዩ። ሰኣን ምምዝዝን ብዘፈጸምኩዎ ጌጋ ዋጋ ከፈለ። ንፈለማ ግዜ ድማ ካብ ሽልማት ቦኾርኩ። እስከ ንሽኽምስ እንታይ ትብሉ? በሉ ካብ ናተይ ጌጋ ተመሃሩ። ፈተናኽም ባዕልኽም ስርሑ!!

ተፈጸመ!!

ሕቡእ ቀጽሪ ርኽቡ

ሀ



ለ



ብኢዮኤል ባርነት

ሀ. ሓሙሽተ ሰባት ክሳብ ሓሙሽ ሰዓት ክሳብ ሓሙሽ ሰሙና ክሳብ ሓሙሽ ሓሙሳ ክሳብ ሓሙሽ ዓመት ክሳብ ሓሙሽ ሰሙን ክሳብ ሓሙሽ ሰዓት ክሳብ ሓሙሽ ሰዓት ክሳብ ሓሙሽ ሰሙና ክሳብ ሓሙሽ ሓሙሳ ክሳብ ሓሙሽ ዓመት ክሳብ ሓሙሽ ሰሙን

‘ስክሪን’ ዘዘውትሩ ቁልዑ፡ ኣቓልቦኣም ይጐድል

ቁልዓ ምእብድ ምስ ዝኣብዮ ነም መዐበ. ሞባይልን ካልእ ኤለክትሮኒዊ መሳርሒታትን ምሳብ ልሙድ እዩ፡ እዚ ከኣ ካብ ምስ መጽሓፍን ወረቐትን ምስ ሰክሪን ዝወሰኑ ቁልዑ ነበዝሑ ጠንቂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ የጉዳኤ እዚ ግቡይ ልምዲ ብምኻኑ ወለዲ ቁልጠፍም ነኣርምዎ ተመራመርቲ የተሓሳስበ፡፡

ኣብ’ዚ ኣመልኪቶም መጽናዕቲ ዘቐዳ ተመራመርቲ ዊኒቨርሲቲ ድሬክሰል - ሽወደን ብዘዝሑ. ሰክሪን ናይ ቴለቪዥንን ሞባይልን ክርእዩ ዝወሰኑ ቁልዑ፡ ብሰሞም ነቐጠው እንሕለፉ ብዘዳጽ መጻሕፍቲ ከሎኑ ኣለ፡፡ የጉዳኤ ‘ስክሪን’ ዘዘውትሩ ቁልዑ ክብዝሑ ጠንቂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ‘ስክሪን’ ዘዘውትሩ ቁልዑ ኣቓልቦኣም ይጐድል ኣቓልቦ ነምዝወሕዶም ኣረዳእም፡፡ እዚ ኸኣ እዩም ህጻናት፡ ካብ’ቲ ብኣካል ምስኣም ዘሎ ሰብ ንላዕሊ፡ እቲ ሰክሪን ናይ ቴለቪዥንን ሞባይልን ሓሳብም ሰለ ዝሰርቆም፡ ንዘዋበረሉም ጻወዳ ግብረመልሲ. ኣብ ምሳብ ነም ዝሸኖሩ ኣገዝሐምዮ፡፡

ቁልዑ ብዘዝሑ. ሰክሪን ኣብ ዝርእዩሉ፡ ሓንገሉም ቡቲ ዝርእዩዎ ተንቀሳቓሲ ስእሊ. ስለዘሃነጡ ጠቕላላ ኣደህንነም ወነሃምን ኣብኡ’ዩ ዝሸውን፡፡ ብሰንሲ’ዚ፡

እቲ ምስ ወለዶምን ቤተሰቦምን እናዕለሉ ከሰብዩዎ ዝኾነሉም ሓፊሻዊ ሰራኣእምሮኣውን ማሕበራውን ክእለታቶም ሰለ ዝሸሸሩ፡ ኣብ መጻኢ. ግዜይ ዘይተደልየ ነወጻእን ሜዎትቶትን ነምዝሕቡርም ኣረዳእም፡፡

“ቁልዑ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝመልኡ ሰክሪን እንዘዘይርእዩዩ ዝምረጽ፡፡ ምኽንያቱ ጥዕና ኣዒንቶም፡ ካብ ግዜ ህጻንነቶም ጀሚሩ ክንሕልምን ክንዋኖቕቖሉምን ስለዘኾኑ፡፡ እንተኾኑ ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ፡ ህጻናት ኣብ ዘይግዜኦም ምስ ሞባይላት ክላለዩን ብዘዝሑ. ግዜኦም ምስ ሰክሪን ኪሕልፍምንዮም ዝርእዩ ዘለው፡፡ ነዚ. ንምውጋድ፡ ወለዲ ኣብ ምክትታል ጥዕና ኣዒንቲ ደቆም ጸኒሖ ክትትል ክገብሩ ንባ” ይብል ክኢላ ዓይኒ ዶ/ር ጆን ካሪኔ፡፡

መጽሓፍ ምንባብ፡ ማሕበራዊ ምብህሃል የመሓይሽ

ምንባቡ ሓፊሻዊ ፍልጠትና ንኽሰፍሕ ከዘወትር ዝኽእሎ ልምዲ እዩ፡ እዚ. ስለዝኸፈሎ ኸኣ ከሃንብብ ዘዘገብዮና ኣስተምህሮታትን ጥቕሊታትን ብብዝሑ. እንሕንቡ፡፡ ንብብ ካብ ሓፊሻዊ ፍልጠትና ምወሳኽ ሓሊፉ፡ ኣብ ጠባይና ኣወታዊ ጽልዋ ነም ዘሎዎን ኣብ ማሕበራዊ ምብህሃልና ክንመሓደሽ ነም ዝኽእዝኑን ተመራመርቲ ዊኒቨርሲቲ ራድባውንድ - ዝርሳንደስ ይሕሙሩ፡፡

ጉድኒ ጉድኒ ምስ ትምህርቲ ዝተኣሳሱ ናይ ኣጎምጊሮዊ ጽሑፋት፡ ምስ ዕድመናን ደረጃ ፍልጠትናን ዝተኣሳሱ ብሰጽሑ መጻሕፍቲ ነሃንብብ እንከለና፡ ኣብ ጠባይናን ምስ ሰባት ዘለና ርክባትን እናጸበቖዩ ዝመጽኡ፡፡ እዚ. ማለት፡ እቲ እንነቦ መጽሓፍ፡ ንኣተሓሳስባና ብኹወታ ክቕርጽን ኣብ ማሕበራዊ ህይወትና ብልጋና ክንዘራረብን ዝኽእዝ ምኳኑ ኣየም ተመራመርቲ ይገልጹ፡፡

ኣብ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ናይ’የም ተመራመርቲ፡ ብብዝሑ. መጻሕፍቲ ዘንበቡ ሰባት ናይ ምንባብ ድሉታን ልምድን ዘይዘርግምን ብምኽታፍ’ዩ እቲ ምርምሮም ነም ዝቀደድ ተገይሩ፡፡ እየም መጻልታዊ ዘንበቡ ሰባት፡ ዓቃሳትን ኣብ ናይ ምብህሃል ክእሉየም ብስጻትን ኩይናም ክርኃቡ እንከለዉ፡ እየም ሪጺሞም መጻሕፍቲ ናይ ምንባብ ሸወጻት ዘይዘርግም ግኑ ህድኣት ዝኮደሎምን ኣብ ማሕበራዊ ህይወየም ሸጥራትን ኩይናምዮም ተረኺቦምኑ፡፡

ኣብ መወጽኢታ እየም ተመራመርቲ፡ መጻሕፍቲ ነሃንብብ ነም ዘሎና’ኳ እንተመኸሩ፡ ህይወት ግን ናይ ተማሃሃሮ መድረኽ ብምኳና፡ ንኸኑ ናይ ህይወትና ንጥሪታት ብሕጊ. መጻሕፍቲ ጥራይ እናተመራሕና ከይንብሮ ይመኽሩ፡፡ ንኡየም ኣባይምኑ ኣብ መጻሕፍቲ እንረኽቦ መምርሒታትን ሓሳባትን ኣብ ህይወትና ኣንፊት ክትሕዙን ኣተሓሳስባና ኮሚዕበሰናን ደኣ’ምር፡ ክቕይዲና ነም ዘይበሉ የረድኡ፡፡

እተደቅሰን ሕልምኻ እተዘክርን ምዕብልቲ ቀብዕ!

ኣብ ግዜ ለይቲ ዘይተኹላፈ. ድቃስ ምህላው፡ ኣብ መልቲ ንቑሓትን ኣደ ማእከናን ኩይንና ክንወሓል የኽእሎ፡፡ ብኣንጻሩ፡ ለይቲ ብሰእኑት ድቃስ ዝቕቖዩ ሰባት ግኑ፡ እኹል ዕረፍቲ ብዘይ ምርኃቦም ኣብ ህይወየም ብዙሕ ጸገመ’ዩ ዝጸሮሞም፡፡

ተመራመርቲ ዊኒቨርሲቲ ደቡብ ኮርያ፡ ክትድቅስ እትሕግዝ ቀብዕ ነም ዝመዝሙ ይሕሡ ኣለው፡፡ እታ ቀብዕ ምስኣ ዝዘኣሳሰር ባዪን ገመድ ኣሊክትሮስን ዘለዋ ኩይና፡ ምሸት ቅድሚ ናይ ድቃስ ሰዓትካ ኣብ ርእሰካ ገርካ ኢኻ ዓሪትካ እትድይቡ፡ ብድሕሪዚ፡ ንሓንቲልካ ክትቁጸሮ ስለእትጅምር፡ ድቃስ ክመጽኣካ ትሕግዘኡ፡፡

ኣመራጽታ ተመራመርቲ ብወገኖም ምስ’ዛ ምህዞ እትመሳሰል፡ እንታይ ነም ዝሓልምካ እተዘክረካ ቀብዕ ክህሙዙ ይቀራረቡ ምህላዎም ይገልጹ ኣለው፡፡ እየም ተመራመርቲ ንምህዞም ምስ’ዘም ደቡብ ኮርያውያን ምዝክዋዋ ዘለዉ. ድቃስ ክመጽኣካ እትሕግዝ ቀብዕ ኣወሃሊያም ኣብ ሓንቲ ቀብዕ ነጥርንፍዋ መደብ ነም ዘሎዎም ሰባት ክሳብ ዝሰሓቐ ክሳሕ ዝሰሓቐ ክሳሕ ዝሰሓቐ ክሳሕ

ንቑሕ ደበና

ሄለን መኽታ

ኣመል ምስ መግኑዝ!

ኣመል እንታይ እዩ?

ብኸመይ ይፍጠር?

ናይ ሓቂኽ ክሳዕ ንግነዝ ድዩ ምሳና ዝጸንሕ?

ኣብ ቀውዲ 1993፡ ተመራመርቲ ኣብ “ኣመል” ዝነበሮም መረዳእታ ዝገማጥል ኩነት ኣጋጠመ። እዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሰብዓታት ዕድመኡ ዝርከብ፡ ጸጉሩ ሰብየት ዝዓብለሎ ሰብኣይ ምስ ብዓልቲቤቱ ናብ ላባራቶሪ ሳንድያጎ ብቐጸራ ምስ መጽእ’ዩ ዝጅመር። ቅድሚ ዓመት ናይዚ ቁጸራ ግን፡ ኡገን ፓውልይ ምስ ብዓልቲቤቱ በሽርሊ ንድራር እናተዳለዉ ከለዉ፡ ማይክል ክመጽእ ምኂኑ ሓበረቶ።

“መን እዩ ማይክል?” ኡገን ሓተታ።

“ወድኻ።” በሉዎ ብዓልቲቤቱ። በሽርሊ። “እቲ ብሓንሳእ ዘዕበናዮ ውላድና?” ብዓይኒ ሕቶ እናጠመተት ወሰኸትሉ።

ኣዒንቱ ብምፍጣጥ “መን እዩ ንሱ?” ብምባል ሓተታ።

ንጽባሓይቱ ኡገን፡ ቅርጸትን ተምላስን ኢሉ ዝጀመሮ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ኣካላቱ ፍጹም ፈሳሲ ኣልቦ ስለዝኾነ፡ ብዓልቲቤቱ ተጓዪያ ናብ ቀዳማይ ረዲኤት በሽርሊ ወሰደቶ። ኡገን ኣብ ሆስፒታል ምስ ኣተወ፣ ረስኒ ኣካላቱ ናብ 40.5 ደይቡ፡ ብረሃጽ ኣንሶላ ዓራቱ ኣጠልቀየ። ብሰሪ ረስኒ ኸኣ ከሀተፍትፍ፡ ንኣለይቱ ነርሳት ጕነጽ ዝተሓወሶ ግብረ-መልሲ ከርኢ ስለዝጀመረ መደንዘዚ ክወገእዎ ተገደዱ። ድሕሪኡ ሓካይም ዘድሊ መርመራ ገበርሉ። ንመርመራ ዝወሰድዎ ቅምሶ ካብ ላባራቶሪ ምስ ተመልሱ፡ ኡገን ለበዳ ቫይረስ ዘኸተሎ ነድሪ ሓንጉል ከም ዘጋጠሞ ሓበሩ። ኡገን ካብቲ ዝነበሮ ክመሓየሽ ከም ዝኽእል፡ ግን እቲ ቫይረስ ዘኸተሎ ጉድኣት ከዐርይዎ ከም ዘይክእሉ ንብልቲቤቱ ሓበሩዋ። ድሕሪ ገለ ግዜ ኡገን ኩነታት ጥዕናኡ እናተመሓየሸ ከይዱ። እንተኾነ ካብታ ዝሓመመላ መዓልቲ ጀሚሩ፡ ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ዝገበሮ ወይ ዝጸንሖ ክርስዕ ጀመረ። ተዘክሮኡ ካብ ደቓይቕ ዘይሓልፍ ኮነ።

ኡገን፡ መርመራ ኣብ ዝግበረሉ ዝነበረ እዋን፡ ልዕሊ ፍርቂ ናይ ሕሉፍ ህይወቱ፡ ስሙን ዝበዝሐ ሰነ-ምግባሩን ኣይተቐየረን። ዕድሚኡ ምስ ተሓተተ ግን፡ “ወዲ 59 ወይ 60 እየ ዝኸውን” ኢሉ መለሰ፣ እንተኾነ ድሮ ወዲ 71 በጺሑ ነበረ። ንዝበዝሑ ኣዕሩኽቱን ደቂ ደቁን ክዝክር ኣይከኣለን። ኣብቲ ቀጻሊ ዝካየደሉ ዝነበረ መርመራ፡ ኡገን ካብ ደቓይቕ ዘይሓልፍ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ከም ዘለዎ ኣረጋገጹ። ብዛዕባ ሕማሙን ኣብቲ ሆስፒታል ዝጸንሓሉ ንውሕ ዝበለ ግዜን እውን ክዝክሮ ኣይከኣለን። ኣብ ነፍሲወከፍ ደቒቕ ይርስዕ ብምንባሩ ኸኣ ዝበኣሰ ኮነ። ኣብ ገለ መዓልታት ካብ ዓራቱ ተንሲኡ መግቢ ብምስራሕ ይምገብ፣ ኣርባዓ ደቒቕ ኣብ ዘይመልእ፡ ደጊሙ መግቢ ሰሪሑ ይምገብ። ከምኡ እናበለ ምሉእ መዓልቲ ይውዕል። እዚ ኸኣ ንጥዕናኡ ብኣሉታ ክጸልዎ ጀመረ። ሓደ መዓልቲ ሓኪሙ ክምርምሮ ናብ ገዛ ኡገን ኣብ ዝመጽኣሉ፡ ኡገን ኣብ መንጎ ተንሲኡ ንኽሽነ ብምኻድ መስተዩ ኣመጽኣ። እዚ፡ “ክሽነኹም ኣበይ ትርከብ?” ኢልካዮ ክዝክር ዘይከኣል ሰብ ደኣ ከመይ ኣቢሉ ክሽነ ኣትዩ ዘድልዮ ኣቕሓ ክምጽእ ኪኢሉ?

ነዚ ምምላስ ዕዮ ገዛ ተመራመርቲ ኮነ። ካብ 1990 ኣትሒዞም፡ ነዚ ምርምር ኣብ እንስሳታት ከካይዱ ጀመሩ። ኣብቲ ምርምር፡ ንሓንቲ ኣንጭዋ ኣብ ሓደ መተሓላለፊ ዘለዎ መሽጉራጉር ኣእትውዋ። መእተዊኣን መውጽኢኣን ምስ ተማህረት፡ ሓንጉላ ምሕሳብ እናቐነሰ ክኸይድ ኣስተብሃሉ። ኮሉ መንገድታት ምስ መለኸቶን ጉዕዞኣ ቅጽበታዊ ምስ ኮነ፡ ሓንጉላ ካብ ምሕሳብ ኣዝዩ እናነከየ ከደ። እዚ ለውጢ ናይዛ ኣንጭዋ፡ ኣብ እንስሳታት ዝርአ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ደቀሰብ’ውን ልሙድ መስርሕ ናይ ሓንጉል እዩ። ስለዚ ኡገን ዋላ’ኳ ሓንጉሉ ጉድኣት ኣጋጢሙዎ ክዝክር ኣይኽእል፡ እቲ ቅጽበታዊ መስርሕ ኣብ ሓንጉሉ ስለዘሎ ግን ሓንጉሉ ከይሓሰበ መስርሑ ክቕጽል ይኽእል።

“ገዛኻ ኣበይ እዩ?” ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ ግዜ ከም ዘይፈልጦ ነጊሩ እንክነሱ፡ ካብ ገዛኡ ወጺኡ ናብ ገዛኡ ምምላስ ኣየጸግሞን። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ምስ ዝገብሮ፡ ዋላ ሓንጉሉ ኣይዘክሮ፡ ንሱ ግን ክገብሮ ከም ዝኽእል እቶም ሓካይሙ ተዓዘቡ። በሽርሊ፡ ብዓልቲቤት ኡገን፡ ንሕክምና ክቕረበላ ገዛ ኣብ ዝቕየረትሉ ግዜ፡ ከይጠፍእ ክትሕልዎ ከም ዘለዋን ኣካልዊ ምንቅስቓስ ከም ዘድልዮን ተሓቢራ ነይራ። ሓደ መዓልቲ ግን ከየስተብሃለትሉ ካብ ገዛ ወጺኡ። ክዝክር ስለዘይክእል ‘ክጠፍእ’ዩ’ ኢላ እናተሻቐለት ክትደልዮ ከላ፡ ንሱ ድሮ ካብቲ ከይድዎ ዝነበረ ቦታ ተመሊሱ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሉ ጸንሓ። እቲ በብመዓልቱ ተዛውሮ ዝነበረት መገዲ፡ ኣብ ሓንጉሉ ስርዓት ይፈጥር ነይሩ ማለት እዩ። እዚ ኣብ ኣመል ወይ ልምዲ ደቅሰብ ዝተኸየደ መርመራ፡ ብዙሕ ሓደሽን ውጽኢታውን ሓበሬታ ኣበርኪቱ እዩ። ስለዚ ኣቦታትናን ኣደታትና ኣመል ምስ መግነዝ ክብሉ ከለዉ፡ ክብደቱ ካብ ምርዳእ ዝተበገሰ እዩ ክበሃል ይከኣል። ክሳዕ መግነዝ ዘጽንሖ ግን ናትና ድኽመትዶ ይኸውን!?

ኣመል እንታይ እዩ?

ኣመል ብዘይ ናይትና ቀልቢ ዝፍጸም ቅጽበታውን ተደጋጋምን ጠባይን ተግባርን እዩ። ሓደ ተግባር ብተደጋጋሚ ክንፍጽሞ ከለና፡ ኣብ ሓንጉልና መትናዊ መተሓላለፊ መስመር ይፍጠር። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ ድልዱል መተሓላለፊ መንገዲ መትናዊ ሓበሬታ ይኸውን። ሓድሽ ንጥፈታት ከነተግብር ከለና፡ ሓንጉልና ነቲ ሓድሽ ሓበሬታ ዘለልዩ፡ ዝምዝግቡን ዘሰላስሉን፡ ኣብ ዘድለየና ግዜ ኸኣ ነቲ ሓበሬታ ዝቕርቡልና ኒውሮናት ወይ መትናዊ ዋህዮታት ኣለዉዎ። እዚ መትናዊ ዋህዮታት ከኣ ስርሑ ንምክያድ ከም ናይ ኤለትሪክ መተሓላለፊ ስልክታት ኣብ ሓንጉልና መተሓላለፊ መስመራት ይሰርሕ። ቤት ትምህርቲ ክንከይድ ከለና፡ መጀመርታ ወለድና ሓደ መንገዲ የርእዩና’ሞ፡ ድሕሪኡ እናዘከርና ተዋንቂቕና በታ ዘርኣዩና ክንመላለስ ንጅመር። ድሕሪ ገለ ግዜ ግን መንገድና በየን ምኂኑ ብዙሕ ምዝካር ኣየድልየናን። በታ መንገዲ ብብዝሒ ምስ ተመላለስና ግን ሓንጉልና ምሕሳብን ምዝካርን ኣየድልዮን እዩ። ዋላ ቀልብና ኣብ ካልእ ይሃሉ፡ ነብስና በታ መጀመርታ ዝተሓበረታ መንገዲ ከተምርሕ ንርእያ።

ኣመል ብኸመይ ይፍጠር?

ኣመል ንኽስረት ዘገድሱ ሰለስተ መሰረታውያን ነጥብታት ኣለዉ። ሓደ ካብኣም፡ “ምድግጋም ናይ ሓደ ተግባር” እዩ። ካብ ናይ ትማሊ ንጥፈታትና፡ ሎሚ ክንደይ ደጊምና ኣለና ኢልና ነብስና ምስ ንሓትት፡ ብዙሕ ፍልልይ ኣይንረክብን። ንለውጢ ዘገድድ ዝኾነ ኩነት እንተ ዘይመጺኡ ኸኣ ከምኡ ንቕጽል። ብ2002 ዝተኻየደ መጽናዕቲ “ዕለታዊ ተመኮሮ”፡ ተመራማሪት ዎንድይ ዎኡዳን መሳርሕታን፡ ኣስታት 43% መዓልታዊ ካብ ነርእዮም ጠባያትና ብኣመልና ከም ዝምእዘኑ ይገልጽ። ስለዚ፡ ሓድሽ ጠባይ ናብ ኣመል ክቕየር ኣብ ብዝሒ ምድግጋሙ ይምርኩሰ።

ዋላ’ኳ “ምድግጋም ናይ ሓደ ተግባር” መሰረታዊ ነጥቢ ኣመል ይኹን፡ ነቲ ተግባር መጀመርታ ግዜ ንኽንገብር “ዝኣመትልና ኩነት ወይ ምልክት” እዩ ቅድምኡ ዝመጽእ። ንኣብነት ፈለማ ሞባይል ኣብ ዝሓዝናሉ ግዜ ብስራሕ ምኽንያት ብብዝሒ ይድወለና እንተ ነይሩ፡ ሞባይልና ናይ ምሓዝ ተግባር ብተደጋጋሚ ነዘውትር። ድሕሩ ስራሕ ንቕይር’ሞ፡ እቲ ሓድሽ ስራሕና ደወል ሞባይል ዘየድልዮ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ሞባይል ናይ ምሓዝ ተግባርን ክድወለኒ’ዩ ዝብል ስምዒትን ግን ምሳና ይተርፍ። ይደወለና ኣይደወለና ሞባይልና ብብዝሒ ክንጥውቕ ንረኣ። ኣብ ሓደ ዜና፡ ጃፓናውያን ሞባይሎም ኣብ ሓጺር ሰዓታት እንተ ዘይደዊላ ተባልሻያ ከትኸውን ናብ ዓራይ ሞባይል ከም ዝወሰድዋ ኣንቢበ ኣለኹ።

ኣመል ክስረት ዘድሊ ሳልሳይ ነጥቢ፡ ሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ንኽንፍጽም “ዘተባብዕ ኩነት” እዩ። ንኣብነት፤ ብመንገዲ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣቢለ ዝደልዮ ቅርጺ ኣካላትን ጥዕናን ከጥሪ ከም ዝኽእል ምፍላጥን ምኽኣልን፡ ነዚ ንጥፈት ብተደጋጋሚ ክገብሮ የተባብዓኒ። ኣብ ቁልዑ እንተ ርኢና ኸኣ ነቲ መቕሸሽ ዝህቦም ሰብ ዝያዳ ክለኣኹ ይመርጹ።

ሓደ ተግባር ኣመል ንክኸውን፡ ፈለማ ዘበግስ ምኽንያት ክህሉ፣ ስዒቡ ብተደጋጋሚ ምትግባሩ፣ ኣብ መጨረሽታ ኸኣ ንኽቕጽል ዘተባባዕ ኩነት የድሊ። እዞም ሰለስተ ነጥብታት ከኣ ዓንኬል ልምዲ ወይ ኣመል ይብሃሉ። ኣብ ነዊሕ ግዜ፡ ሓንጉልና ንጥፈታቱ ንኸውሕድ፡ ምትእስሳራት እናፈጠረ ንተደጋገምቲ ንጥፈታት ቅጽበታውያን ይቕይሮም። ቁልዑ ከለና ሽምና ክንመሃሮ ነሕልፎ መስርሕ ኣሎ፣ ወረ ገሌናስ ክሳብ ሻውዓይ ወለዶ ንሽምድዶ ኔርና ንኸውን። ኣብዚ ዘለናዮ ዕድመ ሽምና ምስ እንቕይር ተመኮሮና እንታይ ምመስለ ኢልና ንሕሰብ? በቲ ናይ ቅድም ሽምና ዶ ግልጽ ምበልና ወይስ በዚ ሓድሽ? ድሕሪ ክንደይ ግዜ ኸ ነቲ ናይ ቅድም ሽምና ገዲፍና፡ ምሉእ ብምሉእ ነዚ ሓድሽ ሽምና ምለመድናዮ? ካልኦት ሰባት ከ በዚ ሓድሽ ሽምና ንኽጽውውሩና ድሕሪ ክንደይ ግዜ ምለመድዎ ንብል? እምበኣር ኣመል ክጥረን ክግደፍ ማዕረ ክንደይ ግዜ ሃልክን ከም ዝወሰድ ኣስተብሂልና ንኸውን።

ኣብዚ ክለዓል ዘለዎ ሕቶ ግን ኣሎ። ኣመል ክጥረ፡ ንሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ክነገብሮ፡ “ምትብባዕ” ክህሉ ኣለዎ ኢልና። ማለት፡ ነቲ ተግባር ክንደግሞ ዝዕድም፡ ንዕኡ ተኸቲሉ ዝመጽእ ኩነት ክህሉ ኣለዎ ኢልና ጸኒሕና። እሞ ሓደ ቁልዓ ዘይናቱ ከልዕልን ናይ ቀንጠብጠብ ኣመል ከጥርን ደኣ “ዘተባብዖ” እንታይ ኣሎ እዩ? ንሓደ ክግሰጽ ወይ ክእረም ዝግብኦ ተግባር ሰቕ ኢልካ ምርኣይ፡ ብተደጋጋሚ ንኽትግበር ዘተባብዕ ኩነት ኣብ ምፍጣር ጽልዋ ኣሎዎ። ኣብ ጉደናታት ከተማ ኣስመራ ምሻን ቀደም የቕጽዕ ምንባሩ ሰብ ጸጋ ዕድመ የዕልሉ። ኣብዚ ግዜ’ዚ እቲ ተሓቢእካ ምሻን ሓሊፉሱ፡ “ዓይንኻ ዘይትሪኢ” ብዘስምዕ ኣጠማምታ ስለዝጥምቱ ሓለፍቲ መንገዲ ክሕብኡ ንርኢ ኣለና። ኣብ ገለ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ዓይኒ ምድሪ ምስ ዝረስሕ ተገልገልቲ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ፋኖትራ ከም ኣማራጺ ክወሰድዎ ይርኢ። ኣብ ጉደናታት ምሻን ምናልባት ኣብ ዕላላት ዘይእሩም ተግባር ምኂኑ ብገሳጺ ኣገባብ ይዝረብ ነይሩ ሕጂ ግን ኣይግድን። እዚ ኣመል ሰሪ ስቕታን ሽለልትነትን፡ ኣመል ብዙሓት ሰባት ኮይኑ ስለዘሎ፡ ነቲ ናብ ኣስመራ ክትኣቱ ከለኻ ዘሎ ታቤላታት “ኩተማታትና ናጻ ሽንትን ቀልቀልን ንግበረን” ዝብል መልእኽቲ ንምትግባሩ ኣጸጋሚ ክኸውን ከም ዝኽእል ይረኣየኻ።

ኣመል ንኸነጥሪ ካልእ ተወሳኺ ጠንቂ ኸኣ፡ ኣብ ሳዕቤናት ናይቲ ንገብሮ ተግባራት ዘለና መረዳእታ እዩ። ናይቲ ንገብሮ ነገር ሳዕቤን ቀልጢፉ ድዩ ዝመጽእ ወይ ደንጉዩ፡ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ውዑይ ድሰቲ ብኢና ምልዓልን ሽኮራዊ ነገር ምብላዕን ከም ኣብነት ንውሰድ። ውዑይ ድሰቲ ብኢድና ምስ ነልዕል፡ ኢድና ንነድድ፣ እዚ ተመኮሮ ፈጺምና ከም ዘይንደግማ እዩ ዝገብረና። ሽኮራዊ ምብላዕ ንጥዕናና ሃሳዩ ደኣ ይኹን’ምበር፡ ቅጽበታዊ ሳዕቤን ስለዘይብሉ፡ (ኣብ ዝበዝሐ ኩነታት ዋላ ሓኪም ኢሉና ከሎ) ብኣመልና ተመሪሕና ክንበልዖ ንረኣ። ከምዚኣም ዝኣምሰሉ ቅጽበታውያን ሳዕቤናት ዘይረኣየሎም ወይ ዕሽሽ ዝተባህሉ ጉዳያት ምኽንያት ምምስራት ኣመልና ምስ ዝኾኑ፡ ኣመልና ክንሓድግ ከቢድ ይኸውን። እንተኾነ ግን ኩሉ ኣመል ከከም ኣመሰራርትኡ ክንቅይሮ ኣብ ዝደለናዮ ግዜ ክንቀይሮ ንኽእል ኢና። ብኸመይ ንቕይሮ ንዝብል ሕቶ ኣብ ዝመጽእ ሕታም እዚ ዓምዲ ንኽትከታተሉ ንዕድም።





ምልክት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳኢ. ህዘቂኤል ሓዚብማ ተኸሳሲት ወ/ሮ ደሴት ማሳፍኑ ናይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ. ኣብ ልዕሊኺ. ማሳሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብኢ2ዊ መንገዲ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ፡

1ከሳኢ. ኣቶ መሳ በርሀ ዘወልዲ፡ ተኸሳሲት፡ ኣቶ ማርን ኣብርሃም ትካቦ 2. ወ/ሮ ፓረስ ኣብርሃም ትካቦ 3. ኣቶ ዩኤል ኣብርሃም ትካቦ 4. ኣቶ ኬብርን ትካቦ፡ ኣብ ልዕሊኸም ናይ ኣዋት ክሲ. ተመሳሪቱልካ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲት ቁ.2 ወ/ሮ ፓረስ ኣብርሃም ትካቦ ከምኡ'ውን ቁ.3 ኣቶ ዩኤል ኣብርሃም ትካቦ ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋ2 ጉዳይካም ኣብዘለኸምሉ ክርኢ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡

መሓመድ ዓሊ የዕቡ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ኣሕመድ ጌቱ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ፡

ሱዛር ዓብደልቃሪ፡ ስም ኣደይ ሰዕዲ ዓብዱርሕማ ምባል ተሪፉ፡ ጀሚላ ዓብዱርሕማ ዘሮኑ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/24 2ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ፡

ዓይናም ተስፋዝጊ ፍህዊ ምባል ተሪፉ፡ ብሌን ተስፋዝጊ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋኺያ ቁ.39 ይቕረቡ፡

ምሕረትኣብ ተስፋማርያም ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ የናስ ተስፋማርያም ብርሃነ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/24 2ይ መጋኺያ ቁ.35 ይቕረቡ፡

ሮዳስ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ሰዛና ሃይለ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 1ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ፡

ከሳኢ. ኣቶ እዮብ ተስፋማርያም ገብረሂወት ወራሲ. ኣፍ/ት መኣዝ ዘመደ ሃማርያም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኮኮብ ተስፋማርያም ገብረህይወት ካብ ዓሰብ ክ/ሰ 38 4ይ ብርጌድ ናይ መልሲ. ምዃብ ክሲ. ተመሳሪቱልካ ስለዝሎ፡ ን20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ቁ.37 ይቕረቡ፡

ኣብ ጽገ መሃኖ፡ ተጸዋዕቲ፡ 1. ኣይዳ ኣየለ 2. ሳሌም ኣየሉ 3. ሳምራዊት ኣየለ 4. ኒጋ ኣየለ ንናይ ግዚሃዊ ኣመሓዳሪ ምቁጽር ጉዳይ ተመሳሪቱ ስለዝሎ፡ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ን31/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ቁ.37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቡኸም ጉዳይኩም ኣብዚኾኑሉ ክርኢ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡

ሰም ሃብተ ምሃኖ ምባል ተሪፉ፡ ሰም ጽጋብ ደስታ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/2/24 5ይ መጋኺያ ቁ.39 ይቕረቡ፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ብርኽቲ ገይትኣም ተወልደብርሃኑ ኣደይ ኣእዝ ኣብራ በራኺ. ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሳት ምኳኒይ ደረጃጽለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሽዋይሽ ተስፉገርግሽ ገረሰቱ ኣደይ ኣብበደት ዑቕባስላሴ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ ኣሕዋተይ ወረሳቲ ምኳና ደረጃጽለይ ስለ ዝበሉት ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣቶ ተስፋኣለም ካሕሳይ ዓንዳይ፡ ኣቦይ ካሕሳይ ዓንዳይ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረሳቲ ምኳንና ደረጃጽልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ከሳኢት ወ/ሮ የኖና ዘርኣቡሩኽ ኣይንኣለም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ሃብተኣብ ጠዓመ ሃብተማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመሳሪቱልካ ስለዝሎ፡ ብኣካል ወይ ብኢ2ዊ ወኪል ን18/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡ እንተዘይቀሪቡኹ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክርኢ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ጀማል ፍጥዊ ቦሽር፡ ኣቶ መሓሪ የማነ ወልደሚኣኤል ብዕለት 13/12/2018 ዝኣተናዮ ውዕል ክራይ ትካል ክፍጽመሉይ ክብል ክሲ. ስለዝመሳረተልኩ፡ ብኣካል ወይ ብኢ2ዊ ወኪል ን15/2/24 ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪቡኹ ጉዳይካ ንሽኻ ኣብዘለኻሉ ክርኢ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ትሕቲ፡ ዕድመ 1. ሳሮን ተስፋይ 2. ያፊት ተስፋይ 3. ናሂር ተስፋይ ብመዝሊት ዓቢዮም ቅድስቲ፡ ኣፈወርቂ ኣቦና ተስፋይ ዓንደሚኣኤል ዑቕኣንደርያስ ስለዝተሰወኑ ንሕና ወረሳቲ ምኳንና ደረጃጽልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጐዳይፍ

ከሳኢ. ኣቶ ኢትባረኽ ኣብርሃም በራኺ፡ ተኸሳሲቲ፡ 1. ኣቶ መሓሪ ተኽሉም በራኺ. 2. ኣቶ ንብረሚኣኤል ኣርብዓሚ ሞተር ሳይክል ስርሓት ቻይና ሽደጥምሲይ ገዝዘም ተቐብሉም ናብ ስመይ ከዐመሓላልፉሉይ ኣድሪሽኑም ስለ ዘይተፈልጡ ብጋዜጣ ደጃወብሉይ ስለዝበሉ፣ ን14/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቡኽም ጉዳይኩም ኣብዘለኽምሉ ክርኢ ምኳኑ ኣፍልጥኩ፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ብሓይላይ

ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ኣርኣያ፡ ብዖል ቤተይ ኣቶ ክፍላይ ተስፋምኣኤል ምስጹን ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጃመዲ ማሳሲይ ይተሓላለፈሉይ፡ 12 ደቂ ከኣ ወረሳቲ ምኳናም ደረጃጽለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሰዛ. ንገሰ ተስፋያናስ ምባል ተሪፉ፡ ሰሚር ንገሰ ተስፋያናስ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣቶ ኣሰፍዝ ተስፋይ ንብረሃሲ ምባል ተሪፉ፡ ኣሰፍዝ ንብረዝሃሲ ንብረያናስ ተዛሊሉ ይተኣረመሉይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ መልኣከ መሓሪ ተኾሉ ብዖልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣዘመራ ንብረልኣል ንገሰ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 10 ደቅና ወረሳቲ ምኳንና ደረጃጽልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣነ ኣመልካቲ፡ ኣቶ በረኸት ንብረእየሱስ ዓንዱ ዝተዘዘልኩ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ዝ ኣድሪሽኡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተ. ዚፕ ኮድ ጀረት 1A755 ጎደና እምኒ በረድ፡ ቁጽሪ ዝ 67 ፕሎት 115 ቁጽሪ ፓርሰልዞን ASP00027678 ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ኣህብዝን ቤጽ ካዳስተር ብዕለት 13/8/2010 ብመሰረት ቁጽሪ ንብረት 1: 004886 ዝተመዝገበ ናይ ዝ ዋንት ደብዘር ስለዝጠፍኣ፡ ርኺበዮ ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሕዝዮ ኣለኹ ዝብል ሰብ ብቑጽሪ ተሌፎን 07166505 ወይ 07229389 ቀሪቡ ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ መተኣኣታ ክወሃቢ ኩሉትት ምኳኒይ እሕበር ኣለኹ፡፡

በረኸት ንብረእየሱስ ዓንዱ

ብስም ስተሚኣኤል ንብረርገሲ ዑቕቡ ኣብ ዓዲ ከብ. ሰምባል ብመወከሲ. ቁጽሪ - ቁጽሪ ምዝክር ወረቐት - ፕሎት 157 ፓርሰል B ንመንበሪ መዓል ዝተዓደልክዎ ምዝክር መሬት ወረቐት ስለ ዝጠፍኣ፣ ዝርሸበ ወይ ብዕዳ ሕዝዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ. 07125514 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተኣኣትኡ ንዘምልከቶ ኣካል ኩሉትት ምኳኒይ እሕበር፡፡

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሰምሳም ይትባረኽ ብወከለን ኣቶ ግርማይ መስሰ ኣብለን፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንዞባ ሰንዓፈ. ኣብ ከተማ ዞን 6 ምምሰብ. ማእከል ከተማ ፕሎት 5 ስፍሓት መሬት 450 ት/ሜ 17 ቀንዲ ክፍሊ፡ 3 ተሓጋገዚ ክፍሊ. ካብ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ሓሰን ስለ ዝዝኸኑዎ ናብ ስመይ ከሰጋጋሮ ስለ ዝሾኽ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ወኸተ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣንዲ ወይ'ወን ይቃወሙ ተዛሊሉ እንተነይሩ ውሳነ ሕዝ ናብ ክፍሊ. ቴክኒክ ከተማ ሰንዓፈ. ይቕረቡ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ጉዳዩ ክውድእ ምኳኒይ እሕበር፡፡

ወ/ሮ ሰምሳም ይትባረኽ
ወኪል ኣቶ ግርማይ መስሰ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዲጋ ሓመሽ ፕሎት 2 ቁ. ፓርሰል ASP00031983 ፓርሰል D ዚፕ ኮድ 1A119 ጎደና ማይሓም ቁ.ዝ 20፡ ዋንኡ፡ ኣብ ነዎሸን ኣባይቲ ብቁምነክር ወረቐት 108732 መወከሲ. ቁ.118743 ኣብ ቤጽ ካዳስተር ብመሰረይ ቁ.ንብረት 1BRASM016515 ብስም ወሓዴና ኣፍ/ሮዚ ተሰማ ኢ.ማም ዝተመዝገበ ተራ-ዝ ናብ ወረሳቲ ከመሓላልፎ ስለዘሎኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣንዲ ሐዙ ኣብ ወኸተ. 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታሮን ቤጽ ካዳስተርን ይቕረቡ፡

ታደለ ሰዚ ተሰማ

ኣቶ ሚኪኤል ነጋሲ. ገለገያርገሲ +5 ዝተዘዘልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣቦሽወል ከብ. ጨርሒ. ፕሎት 57 ፓርሰል A1 ዚፕ ኮድ 1A119 ጎደና ፊኒክ ዝርከቡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣህብዝን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018315/1 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንኡ፡ እተረጋጽ ዘይንቑቑስ ንብረት ዝ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንኡ ናብ ስም ዓዲ. ከመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኡ ጀሚሩ ኣብ ወኸተ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣንዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤጽ ካዳስተርን የቕርቡ፡

ሚኪኤል ነጋሲ. ገለገያርገሲ +5

ኣቶ ግርማይ ንብረዝሃ. ሃብተሚኣኤል +10 ናብ ረጃስትራር ናይ ቤት ቤ/ፍ ዞባ ማእከል ብወከሉም ቀሪቦም ዕለት 10/01/2024 ዓም ብመዝ. ቁ. 02/2024 ዝተመዝገበ ገደርም ዝ. ኣብ ን/ ዞባ 4+ ኣስመራ ጎደና 137-23-ASD00031007 ፓርሰል ASP00036801 ስፍሓት መሬት 74.80 ት.ሜ ዝኾነ ብስሞም ብመሰረይ ቁ.ንብረት IBRASM005571 ተመዝጊቡ ዝርከብ ንዓይ ንኣመልካቲ ብሀደብ ስለ ዝዘበኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለደለኽ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ. ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኡ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኸተ. ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣንዲ ትእዝዝ ወይ ናይ መወጽኢታ ውሳነ ሕዝ ናብ ቤጽ ፓፕሊክ ኖታርን ቤጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረቡ፡ ተቓወሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግና ኣርጂናል ሰነደይ ሕዝ ጉዳይ ምትሕልላፍ ክፍጽም ምኳኒይ እኳ ኣበር፡፡

ወ/ሮ ሲታይ ንብረዝ. ሃብቱ
ወኪል ኣቶ ግርማይ ንብረዝ.

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ሰረጀቓ ቁ.ዝ ___ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL0004008 ናይ ቤት መሳሪ ትካለይ ንወ/ሮ ሂወት ሃብተገርግሽ ተኸሊዩ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰረጀቓ ጎደና ___ ቁ.ዝ ___ ብ30,000 (ሰላሳ ሽሕ) ናቕፋ ብዕለት 19/12/2023 መዝ. 248/2023 ስለ ዝሸጣኩሉ ብስም ሽያጠ. ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ኣሎ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኸተ. ሰሳሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርቡ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ነዎዝዚለ ተቐጺሩ ናብ ሰም ዓዲ. ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥኩ፡

ሰሎሞን ሰገድ ዘወልደማርያም

ሓራጅ

ኣብ መንነ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ሓሊማ መሓመድ ወኪል መሓመድ ዓሊን ብ/ፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኢብራሂም መሓመድን ዝበረ ናይ ገዝዘበ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጃዕ ብዕለት 26/01/2023 ብቁ/መዝ 50/16 ኑ፡ ኣብ ምም. ን/ዞ/ሰዓይተን ዝርከብ ዝ ብሓራጅ ተሸሊጡ መኽፈሊ. ዕዳ ይኹን ስለዝበሉ እቲ ሀገጸ ኣብ 300 ት.ሜ ዝተደነፃ ኮይኑ፡ መጠበሲ. ዋጋ 75,000 ናቕፋ ምኳኑ ስለዝ. ኣብቲ ዝዝር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ. ¼ ናይቲ ዝተወሰበ ግምት፡ ብኣካል ወይ ብኢ2ዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ በነ ወይ ድማ ብስም ፈ/ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) ኣስሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳደርቲ፡ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ነቢጽሑ ዝደሊ. መጠን ገዝዘበ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ሞኒጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ ኣእቲ፡፡ ሓበሬታ ዝደሊ. ኣብ ቁ/08 ቀሪቡ ይወሃቡ፡
ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣንዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡
ዕለት ሓራጅ፡- 01/03/2024
ሰዓት ሓራጅ፡- 3:00-4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፡- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ምልክት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኽኣ ኣብርሃ ሃይለማርያም፡ ተጸዋዒት ልዋም ጸጋይ ሓድገግስኡ ንናይ ሞዝት ዝምልከት ጉዳይ ተኸሊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብኢጋዊ ወከል ን20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኬያ ቁ.37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይኪ ኣብዘለኽሉ ክርኢ ምኑኑ ኣፍልጥኩ፡፡

ሂናር ተስፋም ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ሄናር ተስፋም ባህታ፡ ሰም ኣቦ ናይ ኣደይ ኹት ሰዓድ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ኹት ሰገድስኣብ ወልዳይ ተዛሊሉ ይተኣረመሲይ ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኬያ ቁ.35 ይቕረቡ፡፡

ማኒታ ተስፋም ባህታ፡ ሰም ኣቦ ናይ ኣደይ ኹት ሰዓድ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ኹት ሰገድስኣብ ወልዳይ ተዛሊሉ ይተኣረመሲይ ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኬያ ቁ.35 ይቕረቡ፡፡

ናህ ተስፋም ባህታ፡ ሰም ኣቦ ናይ ኣደይ ኹት ሰዓድ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ኹት ሰገድስኣብ ወልዳይ ተዛሊሉ ይተኣረመሲይ ስለዘበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኬያ ቁ.35 ይቕረቡ፡፡

ከሳስት ሄርሞን ሚኻኤል ጠዖሙ፡ ተኸሳኺ ባህል ኣልኣዝ፡ ናይ ኣባት ከሲ ቀረበልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ'ሞ ደጃውዳለይ ስለ ዝበሉ፡ ን4/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኬያ ቁ.35 ቅረቡ፡፡

የወዛኣስ ኣብርሃም ንብረ፡ ሓወይ ኣቶ ላይነ ብርሃ ካሕሳይ፡ ካብ 2018 ንደሓር ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ናይ ጥፋእ ተዛሊሉ ወሳኔ ይወሃቢ ስለዘበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኬያ ቁ.41 ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ኣስቴር ትኳቡ ወለድና ትኳቦ ገደ ተስፋጸዮሃንን ወ/ሮ ዜሮ ዑቕባዝ ተኸለን ስለ ዝሃረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ህሉዋት ሓንቲ ነ/ሄር ተዘኣቲ 3 ደቃ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ ሰምሳም ንብረሚኻኤል፡ ብዖል ቤተይ ክፍሉም ስብዑቱ ወልዲጋብር ስለዝሃረፈ፡ ንዳይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቀ ከኣ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ዓንደያስ ተስፋጸዮን ተወልደብርሃኑ ኣዴና ኣብርሃት ተስፋይ ሃብተማርያም ስለ ዝሃረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ተደላ ነጋሽ ኣደይ ኣድሓት ግራ/ዑቕባዝ ተስፋማርያም ስለዝሃረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ጸገሬዳ ምስዮኖ ገላዘቡ፡ ኣደይ እምባይሽ ብርሃ ወልዱ ስለዝሃረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ከሳስት ወ/ሮ የሃና ተወልዲ፡ ተኸሳኺ ኣቶ ሰዓረ የሰፍ ከበዲ፡ ናይ ሓዳር ከሲ ተማሳሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብኢጋዊ ወከል ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቻ

ወ/ሮ ሰተገቢ ሰመረ ገደል፡ ብዖል ቤተይ ቀኺ ከዳ ንብረኣግዚኣብሄር ስለዝሃረፈ፡ ንዳይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምናም ደረጋጽሉም ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ናዃሕ ኣርኣያ ደባኔ ብዖል ቤተይ ዋህድ በርህ ኣብረሀኾ ስለዝሃረፈት፡ ንዳይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣርብዓት መሓሪ ዑቕቡ፡ ብዖል ቤተይ ኣቶ ሃይለማርያም ተወልደ ንገሱ ናይ ሓዳር ከሲ ተማሳሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብኢጋዊ ወከል ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳዕሮ ኮንዓት

ወ/ሮ ቅድሳን የወሃኒ ብዖል ቤተይ ኣቶ ተስፋኣም ዑቕቡ ስለዘሃረፈ፡ ንዳይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሪሕማ ሓምድ ንብር፡ ሰም ኣደይ መርያም ዓብዱ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ መርያም ያቅብ ሓጂ ተዛሊሉ ይተኣረመሲይ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ 1 ባጽዕ

ወ/ሮ ምልእተ የማ ካሕሳ፡ ብዖል ቤተይ የማ ዑቕባኽኣል ተስፉኽኣል ስለዝሃረፈ፡ ንዳይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ከኣ ወረስቲ ምኳና ደረጋጽሉ ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ንሕና ወረስቲ ናይ ወላዲትና ኹ/ር ኣብርሃት ክፍሉ መሓሪ ዝኾንኩ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ንዞባ ተራኾሎ ጎደና 740 ቁ.40 ፕሎት 100 ፓርሰል (D) ሰፍሓት መሬት 476.80 ት/ሜ ብዝምሽን ኣብይቲ ብቁ/ምነቱር ወረቐት 109277 መወከሲ ቁ.104610/104611 ተመዝቢቡ ዝርከብ ዘይትሖኾኾስ ንብረት (ዝ) ብወርሲ ዝረኸብኦዮ ናብ ሰምና ከሙሓለልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጹሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኸጠ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዝዝ ወይ ናይ መወጻኢታ ውሳነ (ይግባይ ተባህሉ እንተኾይኑ ሕዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ሰዎ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረቡ፡፡ ተቓወሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰዎ ስዓትና ኣቕሪቦ ጉዳይና ክንፍጽም ምኳና ንሕብር፡፡

1. ጃልዮ ጴጥሮስ ንብረኣየሱስ
2. ኤፍሬም ፔትሮ ኣርኖልዶ

ንሕና ወረስቲ ናይ ወላዲትና ኹ/ር ኣብርሃት ክፍሉ መሓሪ ዝኾንኩ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ንዞባ ዕዲጋ ሓመሲ ጎደና ሪሲ ኣበ ኣረጋይ ቁ.2 ፕሎት 73 ፓርሰል (C) ሰፍሓት መሬት 646.73 ት/ሜ ብዝምሽን ኣብይቲ ብቁ/ምነቱር ወረቐት 109075 መወከሲ ቁ.104600/104601 ተመዝቢቡ ዝርከብ ዘይትሖኾኾስ ንብረት (ዝ) ብወርሲ ዝረኸብኦዮ ናብ ሰምና ከሙሓለልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጹሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኸጠ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዝዝ ወይ ናይ መወጻኢታ ውሳነ (ይግባይ ተዛሊሉ እንተኾይኑ) ሕዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ሰዎ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረቡ፡፡ ተቓወሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰዎ ስዓትና ኣቕሪቦ ጉዳይና ክንፍጽም ምኳና ንሕብር፡፡

1. ጃልዮ ጴጥሮስ ንብረኣየሱስ
2. ኤፍሬም ፔትሮ ኣርኖልዶ

ፊረጅ ጀምዕ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ረዳእ ጀምዕ ሓሰን ተዛሊሉ ይተኣረመሲይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ምስጋና

ብሞት ኣብዚ ዘኽብሮን ዘፍቅሮን ነበር ቦዖል ቤተይ ተጋዳሊይ ኢንጂኒር ተኽለሃይማኖት ደብረጼን ወልደኣምላኽ (ጋርኒያክ) ዝተሰመዓ መረር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓጋዥታት ኣስመራ ዘቃብርኩምና፡ ኣብ ዝዝን ብምምልሳነን ካብ ወዳኢ ብቴሌፎንን ዘጽናናዕኩምና ልዑል ምስጋና ነቕርቡ፡፡

ቦዖልቲ ቤቱ መምህር ጸጋ ገብረኣብ
ደቁ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ምስጋና

ብሞት ክብር ቦዖልቤተይ ኣቶ ዳንኤል (እምሃጸዮን) ዝኢ. ኣስሞጽ ዝተሰመዓ መረር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ሄልሲንቦራ ሽወድን ሬሳ ኣብ ምፍናውን ምቕባልን ዝተሳተፍኩምን ኣብ መቓብር ጸጸራት ዘቃብርኩምናን ኣብ ዝዝ ብምምልሳነን ካብ ወሽካቦን ወጻጽን ብቴሌፎን ዘጽናናዕኩምናን ቤተክህነት፡ ቤተሰብን ፈተወትን ዋቅጸልና ሕሰም ኣይትርኃቡ እናበልና ኮሚኮፕሩ፡፡

ቦዖልቲቤቱ ኣልሳ (ግደይ) ንብረኣያሱስ
ምስ ጓልና ሄለን ዳንኤል ዝኢ.
ምሉኣት ስድራቤትን

ብሰም ወ/ሮ ፋጥማ ኣሕመድ ሰዓድ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምምሕዳር 01 ጎደና "ሰ" (ሃበሮ) ቁጽሪ ዝ 53 ፓርሰል "ጂ" ሰፍሓት መሬት 500 ት/ሜ ዘለዎ ገሊ ብዮዝዘዊ ምነቱር ዋንኡ ኣባይቲ ከተማ ብቁጽሪ ምነቱር ወረቐት 119760 መወከሲ ቁጽሪ 128431 ዝዘመዝገበ ዝ ዘይትሖኾኾስ ንብረት፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ፋጥማ ኣሕመድ ሰዓድ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ሽሪዓ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብቁጽሪ መዝገብ 1071/2023 ብወህብቶ መልክዕ ስለ ዝሞቱኣ'ሞ ናብ ሰመይ ከመሓለልፎ ስለዘደለኽ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ወኸጠ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኽዝዞ መሳረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዝዝ ሕዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከልን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረቡ፡፡

ወ/ሮ ሰዓዲ ኣሕመድ ሰዓድ

ሓራጅ

ኣብ መንነ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ወልደትንሳኤ ዑቕባን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ታደሰ ሰዓረ ተሳሳን ብዘተፈጠረ ክርክር፡ ኮ/ቤ/ፍ ጸዕዳ ክርስትያን ብቁ/መዝ 24/22 ብዕለት 31/11/22 ዝተወሰነ ናይ ፈጽሚ ትእዝዝ ምርከብ ብምግባር፡ እዚ ኣብ ጸዕዳ ክርስትያን ንኡስ ዞባ ቦሪነ ዝርከብ ዘይትሖኾኾስ ንብረት ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ይኹን ክብል ዝዞጥ ትእዝዝ ንምትግባር፡ ብክኢላ መሃንዲስ 356,868.00 (ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ሽዳሽተን ሽሕን ሽሞንተ ሚእትን ሰሳን ሽሞንተን ናቕፋ) ክዋለመት እንከሎ፡ ኣብ ኣሳታት 507.00 ት/ሜ ዝተደፍነ ኮይኑ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታት፡ 3 ተሓጋጋዚን ዝሓዘን ኮይኑ፡ ኣብ ዝቀደድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ብኣካል ወይ ብኢጋዊ ወከል BOOK ተጠራቓሚ ሕሳብ ወይ C.P.O 1/4 ናይቲ መጠሰ ዋጋ ብሰም ፈጽሚ ፍርዲ ብምስራሕ ክሳተፍ ይኽእል፡፡

ቦታ ጨረታ፡- ላ/ቤ/ፍ ገጠን መጋኬያ ቁ.37
ዕለት ጨረታ፡- 22/2/24
ሰዓት፡- 3:00-4:00

N.B ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ምስዝቐርብ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡ ተሓራጊታይ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደሊ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍ ቁ/67 ክወክስ ይኽእል፡፡ ቅድሚ ዕለተ ሓራጅ ኣብ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ቁ/62 ኣብ ዝዓለሙ ሳዱን ከኣቱ ይኽእል፡፡

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቢኒያም፣ ካልኣይ ኣትዩ

ናትናኤል፣ ግዜ ከይከሰረ . . .

ራብዓይ መድረኽ ዘር ሳንዩስ ዳውን ኣንደር፡ ትማሊ - ብጃወት ሳም ወልስፍርድ ክዘሙ እንከሎ፣ በኒያም ግርማይ ከኣ ካልኣይ ኣትዩ።

እዚ ኣብ ሌጣ ጎልጎል ዝተኻየደ መድረኹ ንወሓዱ 136.2 ኪሎሜተር እዩ ነይሩ። ናይ ሰጣክ ጎልጎል ብምኹኑ ከኣ ንናይ ሽኢ ተቐዳደምቲ ከርብሕን ነምቲ ዝሓለፈ መድረኻት ብቐጸበታዊ ውድድር ክዘሙን ተጐሚቱ ነይሩ።

ድሕሪ ናይ 2 ሰዓት 59 ደቒቓን 50 ካልኢትን ገዛዚ ድማ ኣብ ብስጽ ብቐዳት ነምሃሎ ዝገለጽ ተቐዳዳምይ ቦራ ሃለየርብ ሳም ወልስፍርድ፡ ብቐጸበታዊ ውድድር ንመወዳደርቲ በልጹ ቀዳማይ ኣትዩ። ትማሊ መባል 28 ዓመቱ ዝዀነ እዚ ኣወሃሃራልዳዊ ተቐዳዳምይ፡ ኣብ ቀዳመይቲን ሳልሳይትን መድረኻት'ውን ቀዳማይ ኣትዩ ብምንባሩ - ዝተሸለመ ክሰርሕ በቒዑ ኣሎ።

ዝ. ኣብ ሃዙ ዝወዳደር ዘሎ ተቐዳዳማይ ሰዓብ ከኣ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢንዚሚሪቸ በኒያም ግርማይ፡ ካልኣይ ኣትዩ። "ካብዚ ንሓሊ ክደናእ ኣይክኢልኩን። ሳም ሎሚ ኣብዩ ብስጽ እዩ ነይሩ፣ ነምዝመሳሰሎ፡ ኣብ ብስጽ ኣቃውማ እዩ ዘሎ። ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ መዳለቲ ውድድር ክዘሙን ተጐሚቱ ነይሩ።

ድሕሪ ናይ 2 ሰዓት 59 ደቒቓን 50 ካልኢትን ገዛዚ ድማ ኣብ ብስጽ ብቐዳት ነምሃሎ ዝገለጽ ተቐዳዳማይ ቦራ ሃለየርብ ሳም ወልስፍርድ፡ ብቐጸበታዊ ውድድር ንመወዳደርቲ በልጹ ቀዳማይ ኣትዩ። ትማሊ መባል 28 ዓመቱ ዝዀነ እዚ ኣወሃሃራልዳዊ ተቐዳዳማይ፡ ኣብ ቀዳመይቲን ሳልሳይትን መድረኻት'ውን ቀዳማይ ኣትዩ ብምንባሩ - ዝተሸለመ ክሰርሕ በቒዑ ኣሎ።

ዝ. ኣብ ሃዙ ዝወዳደር ዘሎ ተቐዳዳማይ ሰዓብ ከኣ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢንዚሚሪቸ በኒያም ግርማይ፡ ካልኣይ ልዕሊ. "ኸሉ ተቐዳዳማይ ዝሓደለ ነይሩ። እንቋዕ ሓሰኻ ጥራይ እየ ዝብለ። ኣነ ከኣ በዚ ናይ ካልኣይ ደረጃ ወጽኢተይ ሕገስ እየ፣ ጸበጥቐ ምጅማር ናይዛ ወቅቲ እዩ። ሕጂ'ውን ገዳወት ይዝደና እየ ዘሎኹ።" ኪኣ ኣሊ - እዚ ብተደጋጋሚ ናብ ዓወት ዝጐማገም ዘሎ ብስጽ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ። ብዘይካዚ፡ ሆላንዳዊ ኣብል ኣልፌን - ሳርስ ጦቦ ሳልሳይ ደረጃ ኪሕዝ እንከሎ፡ ካልእ ኤርትራዊ ኣብል ሊድል ትረክ - ናትናኤል ተሰፋጹ ግዜ ከይከሰረ ማዕል 45 ኣትዩ።

በዚ መሳረት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ (GC - ጃስ) ኢጣልያዊ ኢሳቐ ደል ቶሮ - ብ13 ሰዓት 15 ደቒቓን 54 ካልኢትን ይመርሕ ኣሎ። በኒያም፡ ብሓንቲ ካልኢት ጥራይ ድሕሩ ዝነበረ ዘሎ ኮይኑ፡ ተቐዳዳማይ እስራኤል ፕሮሚር ተካ ዝቸካ ኮርቢን ስነርግኑ ብኸልተ ካልኢት ተፈንቲቱ ይኸይዱ። 11 ካልኢት ድሕሩ ዘሎ ናትናኤል ከኣ ማዕል 43 ተሰረዐ ናብ ሓመሻይ መድረኽ ኣትዩ ኣሎ።

ንናይ ነጥቢ ማልያ፡ ሳም እዩ - 90 ነጥቢ ብምኣከብ ወድይዎ ሎሚ ኣትዩ ዘሎ። ቢንያም፡ 77 ነጥቢ ብምወሃሃል ደስዓቡ፡ ለክ በርንስ ድማ ብ33 ነጥቢ ንቐልሰ ኣንበነ ዓቐብ ዝቐልሶ ዘሎ ኮይኑ ተሪፉ ብዘመሳሰለ ግዜ (13 ሰዓት 15 ደቒቓን 54 ካልኢትን) ንናይ መንኣሊዮት ማልያ ዓዛብዋ ይርከቡ፡ ካብ ፊሎማ እዚ ውድድር መሪሕት ዘሎ ኢንዚሚሪቸ ከኣ ብ39 ሰዓት 48 ደቒቓን 15 ካልኢትን ብጋንታ መሪሕት ኮይና ሎሚ ናብ ውድድር ኣትያ ኣሎ።

ዘር ሳንዩስ ዳውን ኣንደር፡ ሎሚ ብኡቀጽራ ሃገርና ካብ ነበቢ 3:50 ወጋሕታ ጀሚሩ ይቐደድ ኣሎ - 129.3 ኪሎሜተር ንምሸፈን። እዚ ሓመሻይ መድረኽ'ውን ናይ ሰጣክ ጎልጎል ውድድር ብምኹኑ፡ ነየም ብተደጋጋሚ ኣብ ደረጃ ክኣትዉ ዝቐጸሉ ናይ ሽኢ ተቐዳዳምቲ ከርብሕ ትጽበት ይግበረሉ። ንኤርትራውያን ተቐዳዳምቲ ብሓፈሻ ዓወት እናተመሓሩ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ብተደጋጋሚ ብዘበብ ፍልልይ እናተበልጸ ምስ ቀዳሞት ሰለስት ዝኾኑ ዘሎ በኒያም ግርማይ፡ ነታ ዝዘድና ዘሎ ደረጃ ክወርሓ ተሰፋ ንንብር።

"ቶኒ፡ ሎሚ ክመርሓና እዩ" ዓላሚ ብሬንትፎርድ

ኣሰልጣኒ ክሰብ ብሬንትፎርድ ቶማስ ፍራንክ፡ ኣጥቃዕዩ ኢቫን ቶኒ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ነምዝስዕሎ መዘሙት ሓሊቓ ጋንታ ነምዝወሰኑ፡ ትማሊ ኣብ ዝበበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።



ቶኒ፡ ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ ግንቦት፡ 232 ሕግታት ጠሰዕ ጥሕሰት ተዋህሉ፡ ብምኽንያት ነነሰሰ እግሪ ኣንዋሊዝ ዝሸሞኑ ኣዋርሕ ካብ ንጥፈታት ነነሰሰ እግሪ ነምዝተኣልየ ይፍስሖ። 50 ሽሕ ፓውንድ እውን ዝተቐጽዐ እዚ ወዲ 27 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ማዕከረም ጀሚሩ ግዜ፡ ምስ ደቂ ጋንታኡ ክሰግመድ ተፈቒዱሉ እዩ ጸኒሑ።

እዚ ኣንዋሊዝ ናይ መወዳኣታ ጸወታኡ ቅድሚ 259 መልኣትት፡ ብ6 ግዝት ኣንጋር ሊቨርፑል እዩ ኣካይዱ። ዝተበጀሉ መቐጸዕቲ ዝዘሙ ከኣ ሎሚ ክስስፍ ምኹኑ ዓሊሚኡ ኣፍሊጡ ኣሎ። "ቶኒ ጽባሕ (ንሎሚ እዩ) ክስስፍ እዩ፣ ሓሊቓ ጋንታ'ውን ክኸውን እዩ፡ ንሱ ዘሎኣ ጸዓት ፍሽኽታን ኣወንታውነትን ዓቢ ነገር እዩ፣" ክብል ኣድናቕት ብዘዘሓወሰ መዳዲ ገለጸዎ።

ብሬንትፎርድ፡ ኣብ ናይ መወዳኣታ ሽሞኑ ናይ ሊግ ግጥሚታ፡ ኣብ ሽወዳት ብምስዓሩ፡ ካብታ ኣብ ናይ ምውራድ ዞባ ማዕል 18 ደረጃ ዘላ ሉቶን ታውን ብስስስት ነጥቢ ጥራይ እዩ ክብ ኣሊ ዘሎ። ምልኣት እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ብስጽ ብቐዳት ዝሰረረ ተጻዋታይ ከኣ ክጠቕማን ከበራብራን ትጽበት ተገይሩ ኣሎ።

ብመንጽሩ እዚ ጋንታ ሰም እዚ ተጻዋታይ ምስ ዓበይቲ ክሰዩት ተኣሳሲሩ ደለዮል ብምህዋ፡ ከይከዳ ተኻቒሉ ትርከብ። ቶኒ'ውን ንዓበይቲ ክሰዩት ክጸውት ከምዘደለ ዝሓለፈ ረብዕ ብምሕሪሩ፡ ዝደዳ ተኻቒሉ ትርከብ። በዚ ኮይኑ ቡቲ እዚ ንሽሞኑት ኣዋርሕ ካብቲ ፍቱው ሊግ ተኣልዩ ዝጀንሐ እንዋሊዝ ሎሚ ኣብ ማዳኣም ኣንጋር ኖቲንግሃም፡ ቀዳመይቲ ሽዮ ዓመት ሰፖርት 2023-24 ንምምዝጋብ ክሰርሕ እዩ።

እንታይከ ኣሎ ሓዲሽ?

* ኣሰልጣኒ ሰውዳዊት ክሰብ ኣልኢተፋቅ ስተቨን ጀራርድ፡ ክሰብ ክረምት 2027 ዘዀንሖ ሓዳሽ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ፈረመ።

እዚ ውዕል ድሕሪ'ቲ ኣከፋፋሊ እዝ ጋንታ ጆርዳን ሀንደርሰን ውዕሉ ኣቋሪጹ ናብ ኢዳስ ምጽንሓሩ እዩ ተሪጺሙ። ጀራርድ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ብፍይ ክልተ ዓመታት ውዕል ዝ ክሰብ ክዕልግ ከም ዝጀመረ ይፍለጥ።

* ባዮር መሳኒ ንናይ ጸጋም ተኸላኻሊ ኒውካስል ኪራን ትሪፐር ንምፍራም ተገዳስዩት ኣሕዲራ ምህዋዩ፡ ናይ ጀርመን ምኽጋታት ሓቢሮም።

እዝ ጋንታ፡ ንተኸላኻሊ ፒኢሶጂ ኖርዲ መትከለ ብልቓሕ ንምፍራም ምስ ክሰብ ክትሰምሃ ብዘይምኽኣላ እዩ፣ ገጺ ናብ ትሪፐር ቀይራ ዘሎ። ኣብዚን ዝሓለፉ ክልተ መዳልያታት ድማ ዝ. ወዲ 33 ዓመት እንግሊዛዊ ንምፍራም ከምዘተመደየጠት፡ እዩም ምኽጋታት ገሊጾም።

* ዌስትሃም ንኤሚል ሶሚዝ ሮው ብልቓሕ ንምፍራም ማዕጹ ኣርሰናል ትኸሰሕሰሕ ኣሎ። ብዘይካዚ፡ እዝ ጋንታ፡ ኣብ ልዕሊ. ኣከፋፋሊ. ማን ሲቲ ካልኦን ፍሊፕስ እውን ተገዳስዩት ኣሕዲራ ትርከብ።

መጉዳእቲ ሳላሕ ንሊቨርፑል የሻቕል

ብቐድሚ ትማሊ፡ ኣብ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ መጉዳእቲ ዘጋጠመ ኣጥቃዓይ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ. ሞሓመድ ሳላሕ፡ ንክሰብ ሊቨርፑል ኣቕዲልዋ ምህዋዉ ተቓሊሑ።

ሳላሕ፡ ኣብቲ ምስ ጋና ማዕረ ዝተፈላለዩሉ ግጥም እዩ ብሰሓቢ. ኣብ ጸጋመይቲ ሰዓራ ዘጋጠመ ናይ ሜዋዳ መጉዳእቲ ቅድሚ ዕረፍቲ ተቐይሩ ክወጽእ ዝተቐሰበ፡ እዚ መጉዳእቲ ክሰብ መዕስ ካብ ጸወታ ነምዝፈልዩ ንጹር ነምዝዀነ ኣሰልጣኒ ግብጺ. ሩዶ ቪተሪያ የረድኦ፡ "ብርግጽ ተቐቒልና ኣሎና፣ ተሰፋ ንንብር ግና፡ ኣብዚ ነበድ መጉዳእቲ ከዳነወን'ዩ፣" ይብል እዚ ዓሊሚ።

ሊቨርፑል ብወገኑ፡ መጉዳእቲ ሳላሕ ክሰብ መዕስ ካብ ሜዳ ነምዝርሕቖ ንምፍላጥ ተሰርሕ ነምዃኑ ብወገዳዊ መርገብ ሓበሬታኣ ኣቢሉ ኣፍሊጣ ኣሎ፡ ኣሰልጣኒ እዝ ጋንታ ዊርገን ክሎፕ፡ ትማሊ ከኒታት እዚ ተጻዋታይ ከመይ ነምዃኑ ኣብ ዝተተሰከሰ "ዝኸፍ ዝሬስዮናዮ ነገር የለን፡ ትማሊ ምሸት (ድሕሪ ጸወታ ማእት እዩ) መጉዳእቲ ንምፍላጥ ምህኡ ተዘራብ ነይሩ፣ እንተኾነ እቲ መጉዳእቲ ተወሃኪ መርመራ ከድልዮ እዩ፡ ዝያዳ ንምፍላጥ ደማ ኣና ክንጽርሕ ዘለና፡ ብርግጽ ግና፡ እታ ህሞት ስንዓዳ ፈጠራ ነይራ እዩ፣" ኣሊ፡ ሊቨርፑል፡ ንሳላሕ ንምሕዋም ናብቲ ውድድር ክኢላታት ሕክምና ክትሰድድ እንተኾይና ኣብ ዝተተሰከሰሉ ኮይኑ "ክንጽንዖ ኣና፣ ኣብቲ መርመራ እዩ ዝምኪንቲ፣" ክብል ዛጊት ዝተፈልጠ ነምዝዀነ ኣረዳኢ፡፡

መጉዳእቲ ሳላሕ ዋላኳ ንሊቨርፑል ኣቕዲልዋ እንተሃለዉ ንዓዚ. ግና ኣዚዩ ከበዳዋ ነምዝሎ ርዳኢ እዩ፡ ምኽንያቱ እዝ ሃገራዊት ጋንታ ዝ ንመወዳኣታ ግዜ ኣብ 2010 ዝካተረታ ዋንጫ ንምልዓል ቅሪጻ ተበጊሱትሉ ኣብ ዘለ እዋን ዓቢ ጸገባ ዘለዎ ሓሊቓ ጋንታኡ ተጎዲኡ ክትሰዓብ ድቃስ ዝኸልእ እዩ፡፡

ኑቲ ኣብ ጥሪ 2021 - ንሳላሕ ማዝን ከይታን ናብዚ ውድድር ክሰድድ ተቐሲቡ ዝነበረ እሞ፡ "ዋንጫ ኣፍሪቃ ንጐሽተይ ውድድር እዩ" ብምባል ሕርቃኑ ክገልጽ ዝተሰመየ ክሰፕ ኮኑ "ኣብ ርኢሲ ዘሎታ ተወሃኪታ" ኮይትዎ ደርከቡ፡ እዚ ዓሊሚ ሓደ ካብቶም ንነሲዳ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዝቐቖሑ ኣሰልጣኒት እዩ፡፡

ግብጺ፡ ኣብዚ ምስ ጋና ዝተራኸበትሉ ግጥም፡ 2:0 እያ ተፈሊልዩ፡ ብዚ ኮኑ እዝ ሽወዳት ግዜ ዝ ጸዋእ ዘልዓለታ ጋንታ፡ ኣቕዲማ ምስ ሞቶግኒክ ማዕረ ተፈሊልያ ብምንባራ ክልተ ነጥቢ ኣዋህሊላ ትርከብ፡ እንተ ጋና ግና፡ ኣቕዲማ ብኬፕ ቨርደ ተሓሊፍ ብምንባራ ሓንቲ ነጥቢ ጥራይ ሐዚ ኣብ ወጣሪ እዋን ትርከብ፡፡

መደብ ጸወታ

ሎሚ
ዋንጫ ኣፍሪቃ
ኣልጀሪያ - ቡርኪና ፋሶ 5:00 ድቀ
ማውሪታኒያ - ኣንጎላ 8:00 ምሸት
ቱኒዚያ - ማሊ. 11:00 ምሸት
ፕሪመር ሊግ
ኣርሰናል - ክረስታል ፓላስ 3:30 ድቀ
ብሬንትፎርድ - ኖቲንግሃም 8:30 ምሸት
ሰሪኣ
ሮማ - ቬሮና 8:00 ምሸት
ኡዲዝ - ኤሲ. ሚላን 10:45 ምሸት

10 ዝኸበራ ክለባት ኤውሮጳ . . .

ጋዜጣ ደይሊ. መይል ኣብ ናይ ትማሊ ሕታሙ 10 ዝኸበራ ክለባት ኤውሮጳ ኣብ ዝጠቐሰትሉ፡ ክልተ ክለባት ፕሪመር ሊግ ኣብዚ ዝርዝር ተኻኒተን ኣለዋ - ሲቲን ዩናይትድን፡፡

ኣብ ግቢሪ ሊጋት ኤውሮጳ ዝመደብረን ክለባት፡ ንበልጻት ተጻወትቲ - ብዋጋ መጠን ደሞዙ ብዘመንጠፈ ልዕል ደረጃ ዘለዎ መሳሪመዲ ሜዳን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናብ ምጻዋት ዓቕመንን ነምዝስነብሩም ይግለጽ፡፡ ብመሳረት ጸብጻባት፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብዩም ሓመሽተ ሊጋት ኤውሮጳ ኣብ ዝወወር ተጻወትቲ ዝተኸፍለ ገንዘብ ብ943 ሚልዮን ፓውንድ (1.1 በልዮን ዩሮ) ወሃኽ ኣርጋጹ፡፡

ኣብዚ መሳርሕ ክሰባት ፕሪመር ሊግ እተን ዝበዝሓ ገንዘብ ዘኽሰሳ ምኳነን ይግለጽ፡፡ እዝን ክሰባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ተጻወትቲ ንምፍራም ክልተ በልዮን ፓውንድ ብምወጻኦ ክብረወሰን ሰይረን እዮም፡፡ ኣብ 2022 እቲ ወጺኢ. 1.92 በልዮን ፓውንድ ብምንባሩ፡፡

ይኸውንምባር፡ ኣብ ዝርዝር ክብራት ክሰባት (ወይ ዝኸበሩ ተጻወትቲ ዘለወን ክሰባት) እቲ ኣህጉር ክልተ ክሰባት ጥራይ እየን ምስ ሳዕሰዎት 10 ተሰረወን ዘለዉ፡፡ ብመሳረት እዚ ኪ.ፒ.ኤም.ጂ ዝተባህለ ናይ ሰታስቲክስ ትካል ዝተረኸበ ሓበሬታ፡ 1.213 ሚልዮን ፓውንድ ተኸፍኖ ዘለ ማን ሲቲ እዩ፣ እታ ዝኸበረት ክሰብ ተጻዊዓ ዘሎ፡ እዝ ጋንታ፡ ካብ 1 ጥሪ 2024 ጀሚሩ ዋጋኣ ወይ ክብራ ብ9 ሚእታዊት ክብ ብምዓኑ እዩ፡ ዝ. ዝርዝር ትመርሖ ዘሎ፡፡

ድሕሪኣ ከኣ ፒኢሶጂ - 988 ሚልዮን ፓውንድ፡ ሪዮል ማድሪድ 988 ሚልዮን ፓውንድ፡ ባዮር መኒክ - 878 ሚልዮን ባርሰሎና - 862 ሚልዮን ማን ዩናይትድ - 892 ሚልዮን ናፖሊ. - 585 ሚልዮን ቦሩሽየ ዶርትመንድ - 522 ሚልዮን ጁቬንቱስ - 399 ሚልዮን በሪክ - ብ358 ሚልዮን ፓውንድ - ብዘኸበታሊ. ክሰብ ዓሪራይ ደረጃ ተሰረወን ኣለዉ፡፡

ዜና ወጺኢ

ሽዊት ተኽለ

ኔቶ፡ "ሰፊሕ ወተሃደራዊ ልምምድ ከካዩድ እየ" ይብል

ከዳን ሶሚን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ድሕሪ ዝሑል ኩናት ካብ ዝተሳተፍዱ ወተሃደራዊ ልምምዳት - እቲ ዝበፍሐ ምኳኑ ዝገለጸ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ዝመጽእ ሰሙን ከከይድ ምኳኑ ናይ'ቲ ከዳን ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ሓለፊ ገለጹ፡፡

ኣብ'ቲ ንኣዋርሕ ክቐጽል ምኳኑ ዝተገልጸ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ልዕሊ 90 ሽሕ ወተሃደራት ክሳተፉ ምኳናም እውን ሓቢሩ ኣሎ፡፡

ብዘይ'ነ'ዚ፡ እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ብልዕሊ 50 ወተሃደራውያን መራኽብ፡ ልዕሊ 80 ነፈርቲ ወግኢን ሰብኣልቦ ነፈርትን፡ ከምኡ'ውን ብወሕዱ 133 ታንኽታትን 533 ናይ ወግኢ መካይንን ክሳ ምኳኑ ተፈሊጡ፡፡

"እዚ ወተሃደራዊ ልምምድ እዚ፡ ኔቶ - ካብ ሶሚን ኣመሪካን ካልኦት ኣብል ሃገራት ናይ'ቲ ከዳንን ቅልጠፍ ሓይልታት ብምወሳ፡ ናይ ኣወርጃ ናይ ምክልኻል ዳቕሚ ንምድልዳል ዘቐዶ ዘሎ ጸዕሪታት ዘጠልሕ እዩ" ክብል እቲ ወተሃደራዊ ከዳን ገሊጹ፡፡

እቲ ክፋላት ነፀግዚአዎ ዝተገልጸ 'ስቴደፋስት ዳፊንደር' ዝተሰምየ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣብ ካልኦይ ክፋሉ ኣብ ምወሳር ሓይሊታት ኔቶ ናብ ፖላንድ ትኹረት ሃቡ ክሳርሕ ምኳኑ - ኔቶ ኣፍሊጡ ኣሎ፡፡

ኣብ'ቲ ክሳብ መወዳኢታ ወርሒ ግንቦት ክቐጽል ትጽበት ተገይርሉ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ካብ ኣብል ሃገራት ኔቶን ኣብ ቀረባ እዋን ናብቲ ከዳን ክትጽንበር ተሰኩ ዘለዋ ሽወደንን ዝመጽኡ ምኳናም እውን ተገሊጹ፡፡

ኣብ 1988 ኣብ እዋን ዜሕሉል ኩናት ዝተሳተፍደ 125 ሽሕ ወተሃደራት ዘነተፈ ልምምድ 'ሬፎርጀር'፡ ኣብ 2018 ድማ - 50 ሽሕ ተሳተፍቲ ዝሰርሖ ልምምድ 'ትሪይደንት ጃንክሽቸር'፡ ምስ'ዚ ዝመሳሰል ደረጃ ዝሰርሖ ልምምዳት ናይቲ ከዳን ምኳናም ኔቶ ይሕሰቡ፡፡

ሰ/ኮርያ፡ ናይ ትሕተ-ባሕሪ ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት ፈተነ ኣካዩዳ

ሶሚን ኮርያ፡ ነቅለስያዊ ዳቕሚ ዘለዎ ናይ ትሕተ-ባሕሪ ሰብኣልቦ ነፋሪት ፈተነ ነዊሕ ግዜ ከይሓለፈ፡ መንግስቲ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ካብ መርከብ ዝተፈፀደ - መንግስቲ 'ዕወት' ክብል ገሊጹ ፈተኑ "መልሱ ግብሪ ናይ'ቲ ኣመራ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ዘለዎ ናይ ትሕስባ ተኹታኹ ወተሃደራዊ ልምምዳት" ክብል መንግስቲ ሶሚን ኮርያ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ፕረዚደንት ከም የንግ ኡን እቲ ፈተነ ብኣኻል ከምኣተዓዝቦ ደሞ ወገዳዊት መደበር ተለቪዥን ሶሚን ኮርያ ኣቃሊሑ፡፡

ይኹን'ምባር "እቲ ፈተነ ብናጻ ኣኻል ዘይተረጋገጸን ዳቕሙ ዝተጋዘን እዩ" ክብሉ ሰብዓልጣን ደቡብ ኮርያ ገሊጾም፡፡

ሶሚን ኮርያ፡ ዝሓለፈ 14 ጥሪ እውን ናይ ልዕሊ ፍጥነት ድምጺ ዝውንጨፍ ተመሪሑ ሚሳይል ፈተነ ምክያዳ ይዝከር፡፡

ኣመራ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ሶሙን'ዚ ኣብ ደቡብዊ ጐምጐም ባሕሪ ደቡብ ኮርያ፡ ትሸዓት መራኽብ ወግኢ ዘነተፈ ሓባራዊ ልምምድ ሓይሊ ባሕሪ ኣካይዳን ምንባሮን ኣይርሳዕኑ፡፡

ኣመራን መሻርኽታ ሃገራት ናይ'ቲ ዞጣ ኣብ ሓወሲ ደሴት ኮርያ ዘካይዱ ዘለዋ ወተሃደራዊ መናውራታት ነቒቅረጹ እተካይዱ ምምዕባል ዘመናዊ ኣጸዋር ብዘሓሰለ መልክዕ ከምኣትቐጽሎ እያ ሶሚን ኮርያ እተጠንቀቐቸ፡፡

ሀይቲ - ግጭት ጉጅለታት ገበን ብኢሱ

ኣብ 'ሀይቲ'፡ ኣብ መንነ ጉጅለታት ገበን ዝተፈጥሩ ሰጥቃዊ ግጭት ዳግማይ ብዘሓደለ መልክዕ ከምኣተወልዐ ተሓቢሩ፡፡

ቡቲ ግጭት፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ሰሌዳ ከተማ ፖርት ኦ ፕሪንስ ብጉጅለታት ገበን ድሕሪ ምዕጻው፡ ዜጋታት ኣብ ኣባይቶም ተዓጽየም ከውፅሉ ከምኣተገደዱ ተገሊጹ፡፡

ብዘይ'ነ'ዚ፡ ርእሱከተማ ፖርት ኦ ፕሪንስ ብድምጺ ጠያይቲን ተተኳሲቲን ተናዋጽ ምውዳል ተፈሊጡ ኣሎ፡፡

እዚ ንኣዋርሕ ቀጺሉ ዘሎ - ኣብ መንነ ጉጅለታት ገበን ዝተፈጥሩ ሰጥቃዊ ግጭታት፡ ነቲ ዝመጽእ 7 ሰሙናት ስልጣኑ ዘብቅዕ ብኡዳማይ ሚኒስተር ኣርያል ሄንሪ ዝምራሕ ግዚያዊ መንግስቲ ጸቕጢ ንምፍጣር ዝዓለመ ምኳኑ እየምነ ምስ'ታ ሃገር ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ዝገልጹ፡፡

እየም ጉጅለታት ገበኛታት፡ ንመንግስቲ'ታ ሃገር ንምብትታን ዝዓለመ መጥቃዕቲታት ከካይዱ ምጽንሑም ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እዚ - ነቲ ግጭት ሰሚይ ኖቬምበርን ዘውርዶ ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት እውን ንኽዘይድ ገይርዎ ከምዝሎ የረድኡ፡፡

ተጣየቕቲ መሳሳት፡ ኣህጉራዊ ማሕበራ ሰብ ነቲ ግጭት ንምዕራፍን ጸጥታን ውሕስነት በርጊሰን ሀይቲ ንምርግጋጽን ቅልጠፍ ስጠምቲ ክወስድ ደጋውው ኣለው፡፡

ኣመሪካ - ክካየድ ዝተወጠነ ብሕታዊ ጠፈራዊ ምርምር ፈሺሉ

ኣብ 'ወርሕ' ጠፈራዊ ምርምር ንምክያድ ዝተሳእኑት መሽርከ ኣመራ ብዝጋጠመ ቴክኒካዊ ጸገማት ከምኣትባእ ከምኣተገበረ ተገሊጹ፡፡

እታ ከጣንያታት ቦይንግን ስቅሄድ ሚርቲንን ብምትሕብባር ዘማዕበላ መሽርከ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ ምውንጫፉ - ኣብ ገዕዝ እሽላ ብዝጋጠመ ጸገማት፡ ንኽትሓድድ ከምኣወሰኑ ሱቡ መዚ ጠፈራዊ ምርምር ኣመራ ገሊጾም፡፡

እቲ በዚን ብሕታውያን ኩባንያታት ዝተበአሰ ጠፈራዊ ምርምር፡ ኣብ 'ወርሕ' ጠፈርተኛታት ብኣኽል ንምዕሩብ ዝወጽኦ ውጥን ንምትግባር፡ ብዘዕባ 'ወርሕ' ዘድሊ ጠፈራዊ ምርምራት ንምክያድ ዝዓለመ ምንባሩ ተሓቢሩ፡፡

ሶቪየት ሕብረት፡ ኣመሪካን ህዘባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ካቢት ኣብ 'ወርሕ' ጠፈርተኛታት ከዕልብ ዝኸኣላ ሃገራት ምኳነን ይፍለጡ፡፡

መንገዲ ኣየር ህንዲ፡ 150 ቦይንግ ዝዓይነተን ነፈርቲ ይሽምት

ኣብ ህንዲ ዝመደቡሩ 'ኣካሳ' ዝተሰምየ ሓዲሽ መንገዲ ኣየር - 150 ቦይንግ 737 ማክስ ዝዘይኑን ነፈርቲ ክገዝኡ ምኳኑ ሓቢሩ፡፡

እቲ መንገዲ ኣየር ዝ'ዚ ናይ ዕድጊ ስምምዕ ዝገበሩ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሕ'ዚ ብከጣንያ ቦይንግ ዝተሰርሐት ካልእ ዓይነት ሞዴል ኣብ በረራ እንስሳ ማዕጾኣ ከምኣተሰብረ ድሕሪ ምቅላሑን ሓደስ ሃገራት ምስቲ ከጣንያ ዝጀንሐን ስምምዕ ከምዝገበረ ኣብ ዝገልጸሉ ዘለዎ እዋንን እዩ፡፡

መንገዲ ኣየር 'ኣካሳ' ኣብ ደቡባዊ ህንዲ ከተማ ሃይደራኣባድ ድሕሪ ዝተፈጥረ ምርኢት - ጠለብ ናይቲን ቦይንግ 737 ማክስ 10ን ማክስ 8-200ን ዝዘይኑን ነፈርቲ ናብቲ ከጣንያ ከምዝሰገበ ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ናይቲ መንገዲ ኣየር ኣፍሊጡ፡፡

እቲ መንገዲ ኣየር እዚን ጠለብወን ዘሎ ነፈርቲ - ምስ'ታ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ በረራ እንስሳ ማዕጾኣ ዝተሰብረ ቦይንግ 737 ማክስ 9 ዝዘይኑታ ኣፋርት፡ ዘመሳሰል ከምዝይብለን እዩ ዝሕብር፡፡

'ኣካሳ' ኣብ 2022 ስራሑ ካብ ዝጅምር ንደሓር፡ ኣስታት 4 ማእታዊት ካብ ወሳኒ ዕዳጋ ህንዲ ዝሸፍን ኮይኑ፡ ኣብ 18 ቦታታት ድማ ኣገልግሎት ይህቡ፡፡

ዋና ኣኪያዲት ስራሕ ከጣንያ ቦይንግ ስቴፋኒ ፖፕ ብወገና ኣብ ዝዘለዩ መግለጺ፡ "እዚ መሻጣ ምስ ኣካሳ ዘለና ሽርክነት ዘርኢ እዩ" ኢሳ፡፡

ኣብ 2023 ኣብ ዝተፈፀደ ንግዳዊ ንምጋም ከጣንያ ቦይንግ ከምዝገልጾ - ኣብ ዝቐጸሉ 20 ዓመታት 2,705 ሓደስቲ ነፈርቲ ዝዝ ደቡብ ኤስያ ክቐርብ ትጽበት ይግበር፡፡

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ፍረሕወሰሰ
ፋርማሲ ሪዝም
ፋርማሲ ኪዳምሕረት

ዕለት
20/01/2024

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

ጎደና
ገደና ዓዲ ኣበይቶ ቁጥሪ 43 ልዕሊ ሀሃርታል ብርሃን ዓይኒ
ገደና ተጋደልቲ ቁ20፡ ጥቓ ፋብሪካ ማሎሚር (ንዳይፍ)
ገደና ስላርቲ - 835 ቁ.115፡ ነዋቢ ቤት ትምህርቲ ሰሞል

ቁ.ስልኪ
163485
181048
07113046

ቁ.ቴሌፎን 127565